# "ስርሒት ፈንቅል" ብዓይኒ ደርጋውያን

## "ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ"

‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ’’ እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጻሕፈት’ያ። ብዛዕባ’ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጸባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቑ ይቕጽል፦ 1ይ ክፋል

**Eritrean Operation FenKil: drive the Ethiopian invader from Massawa port:**


**February 8 - 10, 1990**

**The End chapter of the Ethiopian Navy**

**1955 – 1990.**



# A Brief history of Ethiopian Navy




Ethiopia's Navy founded in 1955, from Haileselassie regime until the Derg era was supported **first by the United States and later by the Soviet Union**. Overall, **the Ethiopian navy had 35 years of naval experience.** Most of the Navy officers were educated abroad. On **February 8 - 10, 1990**, the Eritrean People's Liberation Front's (EPLF) small boats **crushed the Elephant Ethiopian Navy once for all**. The EPLF armed with speed boats captured the port of Massawa, and destroyed, sinked or captured most of the Ethiopian Navy ships. **The best equipped and trained and 35 years naval experienced Ethiopian Navy ceased to exist after operation Fenkil (Feb. 8 - 10, 1990).**

ሰበ–ስልጣንን ኣዘዝትን ሰራዊት ደርግ ነበር፡ ኣብ ኤርትራ ንዝወረዶም ሰፍ ዘይብል ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት፡ ብዓቢኡ ኸኣ ታሪኻዊ ስዕረት ዝምልከት ዕረ እናጠዓሞም ክእመንሉን ብመልክዕ መጽሓፍ ከስፍርዎን ይርኣዩ ኢዮም። ‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያን’’ ዘርእስታ መጽሓፍ፡ ብናይ ቀደም ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ነበር ዝተጻሕፈት ኢያ። ኣብ 2006 ኣቢላ ዝተጻሕፈትን 762 ገጻት ዘለዋን ከኣ እያ። ኣብ መቕድምን መእተውን ከም እትሕብሮ፡ ሓፈሻዊ ዕላምኣ ‘‘ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ነበር’’ ካብ ኣመሰራርትኡ፡ ምዕባለኡ፡ ክሳብ’ቲ ብሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ፍጹም ዝተደምሰሰሉ ንዝነበሮ ተራን ኣስተዋጽኦን ንምዝንታው ኢዩ።

ኣብታ ወደባዊት ከተማ፡ ነቲ ብኣጋርን ሜካናይዝድ ኣሃዱታትን ዝተኻየደ መሪር ውግኣትን ህዝባዊ ሰራዊት ንዝፈጸሞ ቅያን’ውን ከይጸወየትሉ ኣይሓለፈትን። ኣብ ገለ ሸነኹ’ውን፡ ነቲ መሪር ስዕረት ብስነ–ጽሑፋዊ ሓይሊ፡ ብቓላትን ሓረጋትን ክጠዓዓም፡ ናብ ረብሓኻ ክጥምዘዝ’ውን ዘይተፈተነ ኣይኮነን። ገሊኡ ‘‘ቀምሽ ኣደይ ሓንኩሉኒ’’ ዝዓይነቱ መመኽነይታ’ውን ከየስሓቕካ ዘይሓልፍን ከም ዋዛ ዝውሰድን ኢዩ። ብዝኾነ እታ መጽሓፍ ኣብ ሓሙሽተ ዓበይቲ ምዕራፋት ዝተኸፋፈለት ኮይና፡ ብፍላይ ኣብ መወዳእታ ገጻታ፡ ንስርሒት ፈንቅል ዝምልከት ዘቕረበቶ ባዕላዊ መግለጺታት ኣለዋ። እዚ ዝስዕብ፡ ጽማቑ ትርጉም ናይቲ ‘‘ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ’’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ዝሰፈረ ጽሑፍ’ዩ፡-

እቲ እዋን ን10 ዓመታት ዝኣክል ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ሓደ–ሓደ ኩነታት ዝተኸሰተሉ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ምጽዋዕ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥርን ለካቲትን ናይ ክልተ ዓበይቲ ቁም–ነገራት ውዕሎ ኢዩ ዝህሉ። ጥሪ 1990 ካብ ኣስመራን ዝተፈላለየ ከባቢታትን ንማርያም ኣስተርእዮ ዘብዕሉ ምእመናን ዝመጽሉ፡ ብዓቢኡ ፈለማ ለካቲት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንኣርባዕተ ዓመትን ፈረቓን ብናቫል ሳይንስ ዘምሃሮም ሕጹያት መኮንናት ብዲግሪን ሰ/ሌፍትናንት ማዕርግ ዘመርቐሉ ኢዩ። ክንዲ ዝኾነ ከተማ ባጽዕ ብኣጋይሽ መሊኣ፡ ብፍላይ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ነቲ መመረቕታ ፍሉይ ትኹረት ሂቦም ዝንቀሳቐስሉ ግዜ’ዩ ነይሩ።

ከምዚ እናሃለወ ኣብ መዓልቲ ማርያም ኣስተርእዮ፡ ንምሸቱ ሓደ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ነገር ተኸስተ። ሓይሊ መብራህቲ ሴዳው ንነዊሕ ሰዓታት ጠፍአ። እዚ

ጉዳይ'ዚ ልሙድ ኣይነበረን። ከምኡ'ውን ንጽባሒቱ፡ ስግር ቤት ትምህርቲ 'ልዑል መኮነን' ጠጠው ኢላ ዝነበረት፡ ናይ ኣባላት ሓይሊ ምድሪ ኢትዮጵያ ማይ ዝመልአት በጥ፡ ኣብ ትሕቲኣ ቦምባ ኢድ ተፈንጂሩ። ብተወሳኺ ንምሸቱ ቅድሚኡ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ተኹሲ ነይሩ። ኣብቲ ከባቢ ሓደ ዓይነት ጸገም ክፍጠር ከም ዝኽእል፡ እዚ ዘይልሙድ ተርእዮታት ኣማቲ'ዩ ነይሩ።

ኣብዚ ላዕለዋይ ሕጥበ-ጽሑፍ ኣንባቢ ዘልዕሎ ሕቶ ኣይሰኣንን ኢዩ። እዚ ትርኪ- ምርኪ ተርእዮታት ምስቲ ደርማስ ስርሒት ፈንቅል ብኸመይ ክተኣሳሰር ይኽእል? ህዝባዊ ግንባር ነቲ ስርሒት ክሳብ'ቲ ናይ ዜሮ ሰዓት ብዓቢ ምስጢር ክሕዞ ከምዝኽእል ዘተሓታትት ኣይኮነን። እንኮ ቡምባ ኢድ ፈንጂርካ በጥ ማይ ምፍሳስ ኣብቲ ስርሒት እንታይ ኣበርክቶ ክህልዎ ይኽእል? ዶስ እቲ ትርኪ- ምርኪ ጉዳያት ከም ሕማቕ ፋል ናይ ዝወረዶም ስዕረት ክቐጽርዎ ስለዝድለዩ ኢዩ! እቲ "ዘዘሚ ምዕራፍ ሓይሊ- ባሕሪ ኢትዮጵያ" ዝብል ምዕራፍ በዚ 'ቀምሽ ኣደይ ሓንኩሉኒ' ዝዓይነቱ መመኽነይታ'ዩ ዝፍልም - እስከ ንቐጽል፡-

ውግእ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ካብ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ኣትሒዙ ናይ ሻዕብያ ሓደ ሜካናይዝድ ክፍለ- ሰራዊት ኣበይ ከምዘሎ ክፍለጠሉ ዘይከኣል ኩነታት'ዩ ተፈጢሩ ነይሩ። ኣብ ኣጋር ሰራዊትና፡ ናይ ጸላኢ ኣሃዱታት ኣበይ ከም ዘለዋ ዝሕብር ናይ መቆጻጸሪ ብልሓት ኣሎ። እዚ ኸኣ ነቲ ናይ ሬድዮ ርክባቶም ኣንፈቱን ርሕቀቱን ብዝሕብር መሳርያ (ሬድዮ ዳይረክሽን ፋይንደር) እናተኸታተልካ ኢኻ ትቈጻጸሮ። ስለዚ ሓይሊ ጸላኢ ክሳብ ክንደይ ነቲ ውግእ ከም እተዳለወሉ፡ ሬድዮ ርክባትን ካልእን ዓጽዩን ብምስጢር ሒዙን፡ ናብ ምጽዋዕ ዝኣትወሉ ኩነታት ክሳብ ክንደይ ኣዋዲዱ ምንባሩ ብትኽክል ዘርኢ ኢዩ። ናይቲ ከባቢ ኩነታት ኣየር ድማ፡ ሰማይ ብግመ ተጎልቢቡ'ዩ ነይሩ። ነፈርቲ ኮለላ ክገብራን ነቲ 'ሜካ' ክናድያን ኣይከኣላን። ሻዕብያ ነዚ ኩነታት ኣየር ኣብ ረብሓኡ ብዝውዕለሉ መገዲ'ዩ ተጠቒምሉ።

መቸም ከም ግመ፡ ዝናብ፡ ማዕበል ባሕሪ ዝኣመሰሉ ተፈጥሮኣዊ ሓይልታት ኣብታ መጽሓፍ ዝወረዶም ኩነኔ ውሑድ ኣይኮነን። ብጋህዲ "ባህርይ ኣንጻር ሰራዊትና ኣዲሙ" እዮም ዝብልዎም። ኮነ ኢሎም ኣብ ጎኒ ሻዕብያ ከም ዝወገኑ ንኽገልጽዎም ቁሩብ'ዩ ዝተርፎም። ብዝኾነ ንቐጽል ደኣ፡- 8 ለካቲት 1990፡ ረቡዕ ለይቲ ሰዓት 12.00 ጸላኢ (ህዝባዊ ግንባር) ኣብ ሽዕብ-ዓዲ ሹማ ውግእ ከፈቱ።

እቲ ቦታ ሰራዊትና ብልሙድ “72” እናበለ’ዩ ዝጽውዖ። ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ እቲ ውግእ ኣዝዩ መረረ። ታንኪ ምስ ታንኪ፣ ቢ- ኤም ምስ ቢ- ኤም፣ መድፍዕምስ መድፍዕ’ዩ ነይሩ። ሻዕብያ እቲ ኣብ 1977 ባጽዕ ንምሓዝ ዘጋጠሞ ፍሽለት ንኸይድገም’ዩ ዝመስል፡ ዘሎን ዘየሎን ሓይሉ’ዩ ኣብቲ ግንባር ኣሰሊፍዎ። በዚ መገዲ ኣብ ዓዲ ሹማ (72) ዝነበረ ሰራዊትና ክበታተንን ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ክኸውን ተገዲዱ። ንጽባሒቱ ሓሙስ ሰዓት 4.00፡ ሻዕብያ ንመስመር ኣስመራ- ባጽዕ ቈሪጹዎ።

ናይቲ መስመር ምዕጻው ሓበሬታ ንቤት ጽሕፈት ሓይሊ ባሕሪ ሽው ንሽው’ዩ በጺሑዎ። ድሕሪ’ዚ ሓበሬታ ዝተራእየ ኣዝዩ ዘይልሙድ ነገር’ውን ክጥቀስ ይከኣል። ኣቐዲሞም ብውትህድርና ዘገልገሉ፡ ናይ ሓይሊ ባሕሪ መግቢ ዘመላልሱ ኣቶ ተኽሉ ገ/መድህን ዝተባህሉ መራሕ መኪና ካብ መገዲ ኣስመራ ክምለሱ ተገደዱ። መኪናኦም ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ስታፍ መኮነን ጠጠው ኣቢሎም ከኣ ኣተዉ። ኣቶ ተኽሉ ዘይተኣደነ ተኹሲ እናተኻየደ ከሎ ብድፍረት፡ ብማእከል ውግእ ሰንጢቖም ዝሓልፉ ዝነበሩ ሓያል ሰብኣይ’ዮም ነይሮም። እንተኾነ፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ ምጽዋዕን ኣስመራን ዝተኸፍተን ንሰራዊት ኢትዮጵያ ሃንደበት ዝኾኖን ውግእሲ ክሓልፍዎ ኣይከኣሉን። ንሰም ንኮማንደር ተስፋየ ታደሰ፡ ኣብ እዚ ሓይሊ ባሕሪ ምጽዋዕ ሓላፊ ስታፍ መኮነን ነዚ ዝስዕብ ጸብጻብ ኣቕረቡም፡- “ብኡነት! ኣብ ህይወተይ ምሉእ ከምዚ ዓይነት ውግእ ርእየ ኣይፈልጥን። ሻዕብያ ብልዑል ደረጃ ዝተዳለወሉ ከቢድ ውግእ’ዩ ዝካየድ ዘሎ። ይትረፍዶ ክትሓልፎ ክትሓስቦ’ኳ ኢዩ ዘጸግመካ። ዝኸፍአ ህልቂት ዘስዕብ ዘሎ ውግእ’ዩ። ብመንጽር’ዚ፡ እቲ ኣብ 1977 ሻዕብያ ዘካየዶ ውግእ ጸወታ’ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። እቲ ግኑን ስም ዘለዎ ‘ዘርኣይ ደረስ’ ዝተባህለ ክ/ ሰራዊት’ኳ ኣበይ ከም ዝኣተወ ኣይፍለጥን ኢዩ።” እቲ ውግእ ኣዝዩ እናጸንከረ ይኸይድ ምንባሩ ብትኽክል ዝእምት ጸብጻብ’ዩ ካብ ቃል ናይቶም መራሒ መኪና ተሰሚዑ።



*ብሓይሊ ባሕሪ ተጋደልቲ ዝተደምሰሰ ዘመናውያን መራኽብ ውግእ ደርጋውያን*

እቲ ዘሰንብድን ዘሕዝንን፡ ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ክውሕዙ ምጅማሮም ዩ። ዓርቢ መዓልቲ ሻዕብያ ዶጋሊ ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ብኸቢድ ብረት ንሰራዊትና እናወቕዐ ንድሕሪት ከንሳሕብ ኣገደዶ። ናይ ወገን ሰራዊት ከኣ ኣብ ፎርቶን ከባቢ ባጽዕን ዕርድታት ክሰርሕ ይጓየ ነበረ። ኣብቲ ናይ ሕጹያት መኮንናት መመረቕታ ንኽርከቡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጹ መኮንናት ጠቕላሊ ወተሃደራዊ ስታፍ ከይተረፈ ኣብ

ዝኾነ ምንቅስቓስ ክሳተፉ ግድን’ዩ ነይሩ። ሓሙስ ነቲ ናይ መመረቕታ በዓል ናይ መወዳእታ ልምምድ ዝግበረሉ መዓልቲ’ኳ እንተነበረ፡ ዝዘከሮ ኣይነበረን። ኩሉ ሰብ ብዛዕባ’ቲ ውግእ’ዩ ዘዕልል ዝነበረ። ዝናብ ከም ሕሱም ይሃርም ስለዝነበረ፡ ሰማይ ብኸቢድ ደመናን ግመን ተጎልበበ። ሓይሊ ኣየርና ኣብ ውግእ ዶጋሊ ተረኺቡ ድጋፍ ክገብር ኣይከኣለን። እዚ ኸኣ ንሰራዊት ሻዕብያ ምቹእ ኩነታት ፈጠረሉ። ‘ሻዕብያ ብናይ ወጻኢ ሓይሊ ናይ ሓበሬታ ድጋፍ ተመርኲሱ’ዩ ነዚ ውግእ’ዚ ኣብዚ ወቕቲ’ዚ ዝኸፈቶ’ ዝብል ገምጋም ኢዩ ዘሎ።

“ሃገራት ኣዕራብ ንሻዕብያ ዝገብራኦ ድጋፍ. . .” ዝብል ምስምስ፡ እቲ ደርጋውያን ንሰራዊቶምን ህዝቦምን ንዓመታት ዘታለልዎ ናይ ፕሮፓጋንዳ ዘመተ ኢዩ። ገና ሕጂ’ውን ድሕሪ 20 ዓመታት ናይ ስዕረቶም፡ ነቲ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ክደግምዎ ምፍታኖም ከኣ፡ ንኣንጸባራቒ ዓወታት ስርሒት ፈንቅል ምእማኑ ስለዝተጸገሙ ካብ ምኳኖም ዝሓልፍ ኣይኮነን። ንቐጽል፡-

እዚ ዶጋሊ ዝበሃል ቦታ መቸም ደም ጸሚእዎ ኣይፈልጥን ኢዩ። ብሓሙስ ዝተኻየደ ደማዊ ውግእ፡ ብፍላይ ብለይቲ ብናይ ጠያይት ብርሃን ተሓጊዝካ ብግልጺ’ዩ ዝርአ ዝነበረ። እቲ ውግእ ናብ ከተማ ምጽዋዕ እናቐረበ መጸ። ካብ ሻዕብያ ዝትኮስ ናይ 130 ሚ.ሜ. መዳፍዕ ኣብ ከባቢ ጉርግሱም ክወድቕ ጀመረ። ናይ ወገን ሰራዊት ኣብ ኮረቢት ናይ ፎርቶ ዓሪዱ ንጸላኢ (ሻዕብያ) ይጽበዮ ነበረ። ብሓቂ ኸኣ እቲ ውግእ መመሊሱ ቀረበ – ፍጹም ዝዕገት ኣይመስልን ኢዩ። እቲ ድምጺ ብረት ዝተፈላለየ ኢዩ። ጠያይት ከም ጣፍ ይዝራእ። መዳፍዕ ይንቁ። ኣብ ሞንጎ’ዚ ተኹሲ ሰብ ይውጋእ – ይመውት።

ቡምባታት ከቢድ ብረት ኣብ ግራር’ውን ክወድቕ ጀመረ። ሰራዊትና ይድፋእ ከም ዘሎ ድማ ብርሑቕ’ዩ ዝፍለጥ። ‘‘ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ዐዕርድኹም ኣትክሉ!’’ ካብ ዝበሃል መቸም ካልኣይ መዓልቱ ኣቑጺሩ’ዩ። እዚ ዓርቢ መዓልቲ 1990 ምኳኑ እዩ። ናይ መዳፍዕ ጠያይት ኣብ ልዕሌና (ናቫል ቤይዝ)’ውን ክወድቕ ጀመረ። ኣብ ናቫል ቤይዝ ዝርከብ መስመር ተሌፎን ስለዝተበላሸው፡ መልእኽቲ ብተለኣኣኻይ’ዩ ዝሳለጥ ዝነበረ። መቸም ‘‘ሓለፍትና ነዚ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ’ዚ ዘፍሽል ሓደ ፍሉይ ብልሓት (ስርሒት) ይህልዎም’ዩ’’ ኢሉ ተስፋ ካብ ምግባር ሓሊፉ፡ እቲ ሰራዊት ዝኾነ ነገር ክገብረሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ’ዩ በጺሑ። ምጽዋዕ

ምስ ግራር ዘራኽብ ከምኡ'ውን ንግራር ምስ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ዝጽንብር ድልድላት ንኽስበር ኣማራጺ ሓሳብ ተዳለወ። እንተኾነ ፍቓድ ናይቲ ከባቢ ላዕለዋይ ኣዛዚ ኣይተረኽበን። "ብርግጽ ኣብዚ ዓውደ-ውግእ ገለ ቅያ ተፈጺሙ፡ ባጽዕ ትድሕንዶ ትኸውን!!?" እናበለ ሰራዊት ንገዛእ ርእሱ ሕቶ ኣቕረበ። ጸሓይ ከተንቈልቁል ጀመረት። ዓርቢ፡ ምድረ-ሰማይ ናብ ምምሳይ ገጹ ከደ። በምባታት መዳፍዕ ኣብ ጥቓ ሓለዋ ሓይሊ ባሕሪ ክወድቕ ጀመረ። ካብቲ መዓስከር'ውን ይሓልፍ ነበረ። መሬት ኣንቀጥቀጠት። ተኹሲ ንኻልኢት'ውን ይኹን ፍጹም ኣየዕረፈን። እንተላይ ንሰብ ንምርዓድ ተባሂሉ ዝትኮስ'ዩ ዝመስል ነይሩ።

ውግእ ዘይዘርጎ ሰላም መቸም የለን። ኣኻልብ ካብ ከባቢ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ብልዑል ፍጥነት ናብ ዕዳጋ ክጎዩ ይረኣዩ። ገሊኦም ከኣ ብኣንጻሩ ካብ ዕዳጋ ናብ ሸነኽ ሓይሊ ባሕሪ ይሃድሙ። ኣብ ሰማያት ጥቕጥቕ ዝበላ ረጋቢት ይነፍራ ንብዙሕ ዘመናት ኣብ ምጽዋዕ ዝተቐመጠ ዝመስል፡ ጻዕዳ ዝኽሳዱ ኳኽ፡ በቲ ተኹሲ ተሰናቢዱ ንየው- ነጀው እናተጻፍዐ የእዊ . . .!

እወ፡ ውግእ ዘይዘርጎ ሰላምሲ ክህሉ ኣይክእልን። እንተኾነ፡ መሬትን ባሕርን እንዳማትካ ጎቢጥካ ከሎኻ'ሞ እታ ሰላም በየን ትምጻእ!?

## “ፈንቅል” ብዓይኒ ደርጋውያን

---

## “ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ”

‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ’’ እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጻሕፈት’ያ። ብዛዕባ’ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጻባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቒ ይቕጽል፡- 2ይ ክፋል

‘‘ካብ ላዕለዋይ እዚ ሓይሊ ባሕሪ (ሓይሊ ባሕሪ ደርግ) ብዝተዋህበን መምርሒ መሰረት፡ ኩላተን መራኽብ ውግእ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ፡ ካብ መዐሸጊ ቦትኣን ናብ ባሕሪ ከም ዝወጻን ናይ መዋግኢ ዞባኣን ከምዝሕዛን ተገብረ። ‘‘ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን፡ ብዝኾነ ምኽንያት ውግእ ኣብ ዝኽፈተሉ እዋን፡ መራኽብ ኣብ ወደብ ክጸንሓ የብለንን’’ ዝብል መምርሒ ኣሎ። እዚ ኸኣ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ኣብ ኣሜሪካ ‘‘ፐርል ሃርበር’’ ኣብ ልዕሊ መራኽብን መርከበኛታትን ብሓይልታት ጃፓን ኣብ ዝወረደ መጥቃዕቲ ዝተረኽበ ተመኩሮ ምርኩስ ብምግባር ዝተዳለወ መርሓ ግብሪ ውግእ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ኩላተን መራኽብ ውግእ ኣብ ባሕሪ ንኽንሳፈፋ ኣድላዪ ትእዛዝ ተመሓላለፈ።

‘‘ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ሬር ኣድሚራል የህዋላሸት ግርማን ናይ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ፖለቲካ መምርሒ ሓላፊ ኮማንደር ታደሰ ንጋንቱን ናብቲ ናይ ምምራቕ በዓል መኮንናት’ዮም መጺኦም ዝነበሩ። እንተኾነ ኣብ ስነ–ስርዓት ቀብሪ ናይቲ ብድንገት ዝሞተ ብሪጋደር ጀነራል ገብረየስ ወልደሃና ንምስታፍ ኣቐድም ኣቢሎም ካብቲ ቦታ ለቒቖም ኢዮም። ኣብ ሞንጎ’ቲ ናይ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ጠቕላሊ ቤት ጽሕፈትን ምጽዋዕን ናይ ራድዮን ስልክን ርክብ ግና ነይሩ እዩ።

“ሻዕብያ ውግእ ኣብ ዝኸፈተሉ ግንባራት፡ ኩሉ’ቲ ኩነታት እናተበላሸወን ተስፋ ዘቑርጽን እናኾነ መጸ። ክንዲ ዝኾነ ብርጋዴር ጀነራል ጥላሁን ክፍሌን ብሪጋዴር ጀነራል ዓሊ ሓጅን ሰዓብቶምን ተኸታቲሎም ብምምጻእ መአዘዚ በትኦም ኣብ ውሽጢ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ገበሩ። በዚ ኸኣ ኣብቲ መዓስከር ካብ ዝኣተዉሉ ሰዓት ኣትሒዙ ናይ ኩሉ እቲ ሰራዊት (ሓይሊ ባሕርን ምድርን) ላዕለዎት ሓለፍቲ ንሳቶም ምኟኖም ኣፍለጡ። ብርጋዴር ጀነራል ጥላሁን ክፍሌ ናይ ኮር 606፡ ብርጋዴር ጀነራል ዓሊ ሓጂ ኸኣ ናይ ሳልሳይ መካናይዝድ ክፍለ–ሰራዊት ዋና ኣዘዝቲ እዮም። ብፍላይ ብ/ጀ/ጥላሁን ኣብ ፎርቶን ከባቢኡን ንዝነበረ ሰራዊት እዩ ዝመርሕ ዝነበረ። ኣብቲ እዋን’ቲ ኣብ ንቑጣ ግራር፡ ምስ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ እናተወሃሃደ ዝእዝዝ ዝነበረ ናይ ማሪን ኮማንዶ መኮንን፡ ብዛዕባ ሻዕብያ ዝሃቦ ሓበሬታ ነዚ ይመስል፡-

“‘…ዓርቢ መዓልቲ፡ ምድረ–ሰማይ እናጸልመተ ይኸይድ’ኳ እንተነበረ፡ እቲ ሕውስውስ ዝበለ ደማዊ ውግእ ግና ኣየቋረጸን። ጽዕጹዕ ድምጺ ፈኮስቲ ብረት፡ ቦምባን ካልእን ብድምጹ’ዩ ዝልለ። ሽውን ሽውን ዓበይቲ መኻይን ተኸታቲለን መጸ። ከም መድፍዕ፡ ቢ–ኤምን ካልእ ኣጽዋርን ዝጸዓናን ሽፉናትን እየን። ኣቐዲሙ ካብ ናይ ጸጥታ መኮነን ዝተነግረኒ ትእዛዝ ስለዝነበረ ኣሕለፍኩወን። ኣብ ግራር፡ ባዕላቶም ኣብ ዝመረጹዎ ቦታ ኮይኖም ምትኳስ ጀመሩ። ብተመሳሳሊ መገዲ ኣጽዋር፡ ካብ ዕዳጋ ናብ ውሽጢ ባጽዕ እናተጻዕነ ይኣቱ። ንገለ እዋን ዝሕል ኢሉ ዝጸንሐ ተኹሲ ቀጸለ። ብድሕሪና ዝነበረ ናይ ወገን ብረት’ውን ግብረ መልሲ ክህብ ጀመረ። በቲ ፍንጃራት ዝኣክል ኣየር ብሽታ ባሩድ ተዓጥነ። መሬት ምስ መሰየ ካብ ገርግሱም፡ እቲ ንየማን ሸነኽ ኣምሪሑ ዝነበረ ውግእ እንደገና ናብ ግራር ለሓመ።

“‘ኩሉ ነገራት ተዘባሪቑ ስለዝነበረ፡ ናይ ሬድዮ ርክብ ብምግባር ሻዕብያ ናብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ እናገስገሰ ምኟኑ ሓበርኩ። ለይቲ ብተኹሲ ክትናወጽ’ያ ሓዲራ። ወጋሕታ ቀረበ። ናይ ሻዕብያ ሓይሊ ተኹሲ እናወሰኸ ክመጽእ ከሎ ናይ ወገን ግብረ መልሲ ግን እናነከየ ከደ። ኣብ ኣጋ ምንጋሁ ብስምምዕ ዝተገብረ ክመስል ኩሉ ነገር ጸጥ በለ። ብርሃን በትኡ ካብ ጸልማት ተረኪቡ። እቲ ወርትግ ማይ ጨው ዘይፍለዮ መዓደኒ ጨው ግራውቲ (ሳሊና) ናብ ደረቕ ጎልጎል’ዩ ተቐይሩ። ማይ

መሊኡ እንተዝነብር’ኳ ንሰራዊት ጸላኢ (ሻዕብያ) ብኣኡ ክሓልፍ መጸግሞ ነይሩ። ኣርሒቕካ ምርኣይ ኣብ ዝተኻእለሉ፡ ኣብቲ ሰፊሕ ሜዳ ተሰሪዖም ዝመጹ ብዝሒ ወተሃደራት ክርኣዩ ጀመሩ። ከም ጻጸ’ዮም ሓሰኽሰኽ ዝብሉ። ብሸነኽ ምዕራብ ዝነበረ ናይ ወገን ብሬን ክትኩሰሎም ጀመረ። ፊት ንፊት ዝመጽእ ናይ ጸላኢ ይኹን ናይ ወገን ሰራዊት ከም ገስጋሲ ሓይሊ ስለ ዝተቈጽረ እቲ ተኹሲ’ውን ቀጸለ። እዞም ናባና ገጾም ዝግስግሱ ዝነበሩ ግና ግብረ መልሲ ኣይህቡን ኢዮም። ትም ኢሎም እናወደቑን እናተስኡን ይቕጽሉ። ‘ብህጹጽ ተኹሲ ደው ይበል፣ ናትና‘ዮም’ ምስ ተባህለ ኢና ድማ ተኹሲ ጠጠው ኣቢልና።

“‘ናይ ወገን ወተሃደራት ክውሕዙ ጀመሩ። ሻዕብያ ካብ ዝተቈጻጸሮ ዞባታት ተኹሲ ይፍኖ ነበረ። ናብቲ መዓስከርና ዝመጹ ኣባላት ሰራዊት ዝደኸሙ፡ ሓልከስከስ ዝበሉን ዝተበሳጨዉን’ ዮም ዝነበሩ። ኩሉ ነገራት ሕንፍሽፍሽ ኢሉ’ዩ። እቲ ካብ ቀረባ ርሕቀት ዝትኰስ ዝነበረ ጠያዪት ተደራራቢ ስለዝነበረ፡ እቲ ኩነታት እናኸበደ መጸ። ካብቲ ምድብ ናትና ካብ ወጋሕታ ኣትሒዙ ሓደ ቢ–ኤም ይቱኩስ ነበረ። እንተ’ቲ ኻልእ ምሉእ ለይቲ ክትኩስ ዝሓደረ ኣጽዋር ብምሉእ ልሳኑ (ኣፍ ሻምብ ብረት) ተዓጽዩ ኢዩ። ኣጋር ሰራዊት ይውሕዝ ኣሎ። መዓስከርና ናብ ናይ ‘ሳርዲን ታኒካ’ ተቐየረት። ብሰራዊት ተጠቕጠቐት። እንታይ ይግበር ከም ዘሎ ንኽትፈልጥ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ቦታ ክሳብ መወዳእታ ኢና ተዋጊእና። ዝሞተ ሞይቱ፣ ዝተረፍና ንየማን ተደፋእና፡ ናብቲ ቀንዲ በሪ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ኣቕናዕና---‘ ” ብምባል’ዩ ተዘክሮታቱ ዝጸወየ – እቲ ናይ ማሪን ኮማንዶ መኮነን። ናብቲ ቀንዲ ትሕዝ ‘ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ” ዝብል ጽሑፍ ደኣ ንመለስ።

“ዓርቢ ምሉእ ለይቲ ዝናብ ክወቅዕ’ዩ ሓዲሩ። ቀዳም ንግሆ’ውን ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ እቲ ዝናብ ንመሬት ቀጥቂጥዋ ኢዩ። እዚ ብምኳኑ ዝኾነ ዓይነት ናይ ነፋሪት ድጋፍ ክርከብ ኣይተኻእለን። ሕጂ’ውን ንሻዕብያ ጥጡሕ ኩነታት ደኣ ፈጠረሉ። ቀዳም መዓልቲ ኩሉ’ቲ ሰራዊት ንድሕሪት ስለ ዝተደፍአ ኣብ ኣዝዩ ኣተሓሳሳቢ ደረጃ ተበጽሐ። መንግስቲ ኸኣ ኣብ ናይ መወዳእታ ውሳነ ስለ ዝበጽሐ ኣብ ምጽዋዕን ከባቢኡን ዝርከብ ናይ ኣጂፕ (ነዳዲ) ኣጋንእ ‘ይተሃረም’ ተባህለ።

ፍርቂ መዓልቲ ምድሪ ምስ ጸሓየ፡ ብሸነኽ ባሕሪ ክልተ ተዋጋእቲ ሄሊኮፕተራት ብምምጻእ ኣቃጸልኦ። ምጽዋዕ ብትኪ ተዓፈነት። ሻዕብያ ‘ነዳዲ ረኺብኩ’ ኢሉ ኣፉ ማይ እናመልአ’ዩ እቲ ኣጋንእ ነዲዱ። ሻዕብያ ነቲ ዒግታ ናይ ትኪ መበገሲ ገይሩ ብሬድዮ ‘ባጽዕን ከባቢኣን ሒዘያ’ እንተበለ’ኳ፡ ክሳብ’ቲ ፍርቂ መዓልትስ ንፎርቶ ከም ዝተቜጻጸራ ጥራሕ’ዩ ንሰራዊት ወገን ግልጺ ዝነበረ።

‘‘እዚ ብኸምኡ እናቐጸለ፡ ኣብቲ ዕለት’ቲ፡ ሰዓት ሓሙሽተ ዓቢ ነትጕ ተሰምዐ። እቲ ነትጕ ግርጉሱም ኣብ ዝርከብ ግዝያዊ ዕቃበ–ብረት (ኤምዳድ) ኢዩ ተፈጺሙ። እቲ ኣጽዋር ብትእዛዝ ብርጋዴር ጀነራል ጥላሁን ኢዩ ተቓጺሉ። ሻዕ ነቲ ኲምራ ኣጽዋር ኣብ ኢዱ ኣእትይዎ እንተዝነብር፡ እቲ ዓመትን ፈረቓን ዝወድኣ ምትሓዝ ኣስመራ፡ በቲ ኣጽዋር ተሓጊዙ ውግእ ብምቕጻል ኣብ መዓልታት ክፍጽሞ ይኽእል ከም ዝነበረ’ዩ ዝግመት። ሻዕብያ ምስ ግዜ እናተቐዳደመን ስርሒታቱ እናበርትዐን ኣብ ዝኸደሉ፡ ኣብቲ ዕለትን ኣብቲ ሰዓትን ኣብ ታሪኽ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሕንፍሽፍሽ ተኸስተ።

‘‘ኣብ ከባቢ ግራር፡ ሓንቲ ታንኪ ሻምብቆኣ ብቐጥታ ናብ ሰራዊት ኣቕኒዓ፡ ናብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ እናገስገሰት ክትመጽእ ተራእየት። ናይታ ታንኪ ናብቲ መዓስከር ምምጻእ ዝተመልከተ ነጻሪ (ናይ ቅድሚት ሓለዋ)፡ ብቐጥታ ብሬድዮ ርክብ ናብ እዚ ንቑጣ ሓበረ። እቲ እዚ ንቑጣ ናብቲ በሪ መዓስከር ስልኪ ብምድዋል፡ ብዛዕባ ሓቅነት ናይታ ትግስግስ ዝነበረት ታንኪ ተረጋገጸ። በዚ ምኽንያት ጸላኢ (ሻዕብያ) ናብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ታንኪ ኣምሪሑ እናገስገሰ ምዃኑ ብራድዮ ርክብ ንብምልኡ ሰራዊት መልእኽቲ ተመሓላለፈ። ኣብቲ እዋን፡ ኣብቲ ንቑጣ እዚ ዝነበሩ ዝለዓለ መኮነንን ምክትል ኣዛዝን ሓይሊ ባሕሪ ኮሞዶር በለገ በለጠ ‘በሉ! እዚ ውግእ የብቅዕ ኣሎ፣ ንሞት ከኣ ኣብ በሪ ናይ መዓስከርና ኴንና ንጸበያ’ ብምባል ምስ ተኸተልቶም ናብቲ ዋና በሪ ጉዕዞ ጀመሩ።

“እቲ ሰራዊት ኣብቲ በሪ ምስ በጽሐ ግና እቲ ዝተባህለ ታንኪ ናብቲ ዝመጸሉ ቦታ ክምለስ ከሎ ተራእየ። ናይቲ ሰራዊት ምንቅስቓስ ብማዕዶ፡ ብመነጽር ርሕቕት (ክሻፋ) ዝከታተልዎም ዝነበሩ ኣባላት ሻዕብያ (ተጋደልቲ) ግና ቡምባታት ሞርታር ኣዝነብሎም። ብሰንኪ’ዚ፡ ብዙሓት መኮንናትን ታሕተዎት ሹማምንትን ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ድማ ሂወቶም ሓሊፉ። ጸኒሑ ከም ዝተረጋገጸ ግና፡ እታ ዝመጸት ታንኪ ኣብ ግራር ብጽኑዕ ንዝተወግአ ሓደ ወተሃደር ወገን ናብ ሕክምና ንኽተብጽሕ ዝዓለመት ኢያ። ንዓኡ ኣብጺሓ ናብቲ ዝነበረቶ ከምእተመልሰትን ሻዕብያ ብታንኪ ናብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ከም ዘይተጸግዐን ተረጋገጸ። እዚ ግጉይ ሓበሬታ ብወገኑ ዘውረዶ ጉድኣት ቀሊል ኣይነበረን። እቲ ዝነበረ መራኸቢታት – ስልኪ ወሲኽካ – ካልእ ጠቕምቲ መሳርሒታት፡ ካርታታት ከይተረፈ ኣባላት “ናይ መወዳእታ ሰዓት ኢያ!!” ብምባል ከም ዝቃጸልን ከም ዝዓኑን ገይሮሞ ኢዮም። ነቲ ተበታቲኹ ዝነበረ ናይ መራኸቢ መሳርሒታት እንደገና ብሰብ ሞያ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ዓቢ ድኻም’ዩ ሓቲቱ። ካብቲ ዝነበረ ናይ ቴሌፎን መስመራት፡ ሓንቲ ቀጥታ መስመር ጥራይ ኣብ ዝተረፈትሉ፡ ንዓኣ ኸኣ ሻዕብያ ፈሊጥዋ ብኣ ኣቢሉ ምሉእ ለይቲ “መዓልትኹም ኣኺላ’ያ!!” እናበለ ራዕድን ሽበራን ክነዝሕ’ዩ ሓዲሩ።

> “ኣብቲ ናይ ሞትን ሕየትን ሰዓታት ካብቲ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ‘ዞድያክ’ ብዝዓይነታ ጀልባ ሃዲሙ ናብ ዓባይ መርከብ ዝተሰቕለ ኮሞዶር ፊሊጶስ ክብረት ብራድዮ ናብ መሳርሕቱ እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ኣሕለፈ፡- “ኣብቲ መዓስከርና ኣብ ሓደ ደቒቕ ሰለስተ ቡምባታት መዳፍዕ ይወድቕ ኣሎ፣ 75% ካብኡ ኸኣ ዓንዩ ኢዩ። ብዙሓት ኣባላትና ተሰዊኦም ኢዮም። ሻዕብያ ናብቲ መዓስከርና ይኣቱ ከም ዘሎ’ዩ ዝሕበር። እቲ ኩነታት ተስፋ– ኣልቦን ካብ ቁጽጽር ወጻእን ብምዃኑ፡ ናይ መኣዘዚ ቦታይ ‘ኢትዮጵያ’ ናብ ዝተባህለት መርከብ ውግእ ኣስጊረዮ ኣለኹ” ኢዩ ዝበለ። ንሱ ሓላፊ ሓይሊ ባሕሪ ‘እዚ ሰሜን’ ኢዩ ዝነበረ።”

እው፡ ኮሞዶር ፊሊጶስ ክብረት “ንሜጀር ጀነራል ውብሸት ደሴ ኣዘራሪበ ክምለስ’የ” ብዝብል ምኽኒት፡ ካብ ካልኦት ጀነራል መኮንናት ተፈልዩ ብቐዳምነት ነብሱ ከም ዘውጽአ’ዩ ኣብቲ ጽሑፍ ተገሊጹ ዘሎ። ኣብዚ ልዕል ኢሉ ዝርከብ ሕጥበ–ጽሑፍ ግና ኣንባቢ ሕቶ ከየልዓለ ኣይተርፍን። እዚ ኸኣ ነዛ ናብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ገጻ እተምርሕ ዝነበረት እንኮ ‘ታንኪ ሻዕብያ’ ካብ ሞንጎ’ቲ ሰራዊት ሓደ ጸረ– ታንኪ ብረት ዝሓዘን ዝውፈን ዘይምርካቡ ኢዩ። ‘ተመንያ ዝረኣየስ ብልሕጺ ተዳህለ’ ኢልናዶ ክንሓልፎ!! ንቐጽል ደኣ



“ሰንበት፡ ብንግሆኡ – ሰዓት ሓሙሽተ ካብ ሓይሊ ኣየር ስልኪ ተደወለ። ምኽንያት መደወሊኦም ግመ ኣልጊሱ እንተኾነ ንምሕታት ኢዩ። እንተኾነ፡ ዘየልገሰ ተገልጸሎም። ኣብቲ ሰዓት’ቲ፡ እቲ ግመ ክሳብ መሬት ዝትንክፍ’ዩ ወሪዱ ዝነበረ። ምጽዋዕ ጻዕዳ ጋቢ ዝተወንዘፈት’ያ ትመስል ዝነበረት። ሰማይ፡ ነፋሪት ከሕልፍ ዝኽእል ነቓዕ ኣይነበሮን። እንደገና ሰዓት ሽዱሽተን ፈረቓን ደዊሎም፡ ተመሳሳሊ ሕቶ ኣቕረቡ። ተመሳሳሊ መልሲ’ውን ተዋህቦም። መቸም ሻዕብያ ሰናይ ትርኢት’ዩ ፈጢሩሉ። ኣብቲ ሰዓት’ቲ ሻዕብያ ንግራርን ከባቢ ሆስፒታልን ሓሊፉ ርሱን ውግእ ከካይድ ጀመረ። እቲ ዘገርም ተፈጥሮ ምስ ሻዕብያ ክውግን ከሎ፡ ንናይ ወገን ሓይሊ ግና ተወስ ምባል ከሊእዎ። እዚ ኩነታት ተፈጢሮ፡ ውግእ ካብ ዝጅመር

ኣትሒዙ ክስትውዓለሉ ዝጸንሐ ጉዳይ`ዩ። ኣብ ምጽዋዕን ከባቢኡን ዝናብ ይወቅዕ ብምንባሩ፡ እቲ ኩነታት ክግምገም ከሎ ባጽዕ ትነብዕን ተልቅስን`ያ ነይራ ክበሃል ይከኣል። ናይ ወገን ደም ምስ ማይ ተደባሊቑ ኣብ መሬትን ባሕርን ምጽዋዕ ዛርዩ ኢዩ።

‘‘ብዝኾነ፡ በዚ ምኽንያት`ዚ ኢዩ ኣድላዪ ናይ ነፋሪት ድጋፍ ክግበር ዘይተኻእለ። በቲ ሓደ ወገን ግና ግመ ምንባሩስ እወታዊ ጎኒ`ውን ኣይተሰኣኖን። ናይ ወገንን ሻዕብያን ሰራዊት ኢድ ብኢድ እናተቛሻመደን እናተሓናነቐን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኢዩ። ናይ ውግእ ነፈርቲ እንተዝመጻ፡ ክገብርኦ ዝኽእላ ነገር እንተነይሩ፡ ናይ ወገንን ሻዕብያን ሰራዊት ደረብካ ምህራምን ምድምሳስን`ዩ።

# "ፈንቅል" ብዓይኒ ደርጋውያን

## "ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ"

‹‹ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ›› እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጸሕፈት'ያ። ብዛዕባ'ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጸባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቑ ይቕጽል፡- 3ይ ክፋል

ብርጋዴር ጀነራል ጥላሁን ኣብ ክንዲ ናብ ቤተ– መንግስቲ (ጥዋለት) ዘምርሕ፡ ስለምንታይ ናብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ (ናቫል ባይዝ) ከም ዝኣተወ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ከምዚ ኢሉ ነበረ ‹‹... ንሕና ሰራዊት ተገዲዱ ኣብ ዘዝልቐሉ ዝነበረ እናተኸታተልናዮን ንፍሉይ ስርሒት ዝተላእኩ ኣዕነውቲ ጉጅለታት ብቕልጡፍ ንኽምለሱናን ትእዛዝ ኣብ ምሃብ ኢና ነይርና። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣዘዝትና ስልኪ ደዊሎም ‹‹ናብ መአዘዚ ነቑጣኹም ተንቀሳቐሱ›› ብምባል ትእዛዝ ኣመሓላሊፎምልና። ናይ ሓይሊ ባሕሪ ምክትል ኣዛዚ'ውን ብተደጋጋሚ ስልኪ ደዊሉ፡ ናብ ውሽጢ ባጽዕ (ጥዋለት) ክንኣቱ ኣዚዙና። ክንዲ ዝኾነ ነቶም ንፍሉይ ስርሒት ዝለኣኽናዮም ወተሃደራት ክይተመልሱ ክለዉ ንውሽጢ ባጽዕ ክንኣቱ እናተንቀሳቐስና ከሎና ፊት ንፊትና ብተኹሲ ተዓጊትና። ኣብ ሓጹር ቤተ–ክርስትያን ኬንና ነቲ ኩነታት ተዓዚብናዮ። ኣብ ልዕሊ ህንጻ ሲነማ 'ካሌብ' ኮይኑ ዝትኩሰልና ዝነበረ ናይ ጸላኢ (ሻዕብያ) ብረት ምኳኑ ኢና ኣረጋጊጽና። በዚ ናብ ውሽጢ'ቲ ከተማ ክንኣቱ ኣይከኣልናን። መድፍዐኛታትና ናይ ተኹሲ ጉልባብ እናገበሩልና ኸኣ ናብ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ክንኣቱ ተገዲድና›› ኢዩ ኢሉ።

ናይ ሳልሳይ ሜካናይዝድ ክፍለ ጦር ዋና ኣዛዚ ብርጋዴር ጀነራል ዓሊ ሓጂ ናብ ምጽዋዕ ዝመጸሉ ምኽንያት፡ ኣብ ምረቓ ሕጹያት መኮንናት ሓይሊ ባሕሪ ንኽሳተፍ ብዝተገብረሉ ዕድመ እዩ። ደቂ ሒዙ᎗ዩ ኸኣ መጺኡ። ብሰንኪ᎗ቲ ሃንደበታዊ ውግእ ግና ኣብቲ ቦታ ክጸንሕ ኣይከኣለን። ብርጋዴር ጀነራል ጥላሁን ናብ ዝመርሖ እዚ እዩ ተጸንቢሩ። ደቂ ምስ ካልኦት ቤተ ሰብ ሓይሊ ባሕሪ፡ ብሄሊኮፕተር ናብ ኣስመራ ከም ዝምለሱ ኸኣ ተገይሩ።

ምክትል ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኮሞዶር በለገ በለጠ፡ ብርጋዴር ጀነራል ጥላሁን፡ ብ/ጀ/ ዓሊ ሓጂን ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጹ ላዕለዎት ናይ ምክልኻል ስታፍ ሞኮንናትን ብዛዕባ ነቲ ውግእ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ኣረኣእያኦም ንኸስምሩ ኣብቲ እዚ ነቐጣ፡ ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ተኣከቡ። ኣብዚ ንውሑድ ደቓይቕ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ባጽዕ (ናቫል–ቤዝ) ናይ መምርሒ ሓለፍቲ᎗ውን ተረኺቦም ነበሩ። ኣብዚ ዘተ᎗ዚ፡ ኮማንደር ፍስሃ ጥላሁን፡ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝርከብ ናይቲ ሓይሊ ባሕሪ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይ ጸጥታ ሓላፊ እዚ ዝስዕብ ርእይቶ ሂቡ ነይሩ፡- ‘‘ህሉው ኩነታት ምስ እንርእዮ ጽባሕ ንግሆ ካብዚ መዓስከር (ናቫል–በይዝ) ምልቃቕና ዘይተርፍ እዩ። ኣጋር ሰራዊትና ተበቲኑን ንድሕሪት እናዝለቐን እዩ። ስለዚ ናይዚ ናቫል–በይዝ ትካላት ደምሲስና፡ ጉዕዞና ናብ ባሕሪ እንተኾነ ይምረጽ’’

እንተኾነ ርእይቶኡ ብብርጋዴር ጀነራል ጥላሁን ተቐባልነት ኣይረኸበን። ወላ ሞት እናተቓረበ ይምጻእ᎗ምበር ነቲ መዓስከር ምልቃቕ ዘይሕሰብ ምዃኑ᎗ዩ ኣብቲ ኣኼባ ዘነጸረ። ሽው ኣብቲ ኣኼባ ዝነበረ መኮነን ምስቲ ዝፈልጦ ኣገናዚቡ ንመርገጺ‘ ቲ ጀነራል ብኸምዚ የብርሆ፣

‘‘....ብ/ጀነራል ጥላሁን ክፍሌ ኣብቲ መዓስከር ምስ ኣተወ ምስ ኣዛዚ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ናይ ስልክን ራድዮን ርክብ ነይርዎ። ዝተሓበሮ ነገር ከኣ ነይሩ፡- ‘‘ሻዕብያ ካብቲ ኣብ 1977 ዝበጽሖ ቦታታት መታን ከይሓልፍ ሰራዊት ክልኣኸልኩም እዩ። እዚ ናተይ ትእዛዝ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ‘ጓድ ሊቀመንበር᎗

መንግስቱ ሃይለማርያም ጥብቂ ትእዛዝ እዩ’’ ዝብል መልእኽቲ ተቐቢሉ ስለዝነበረ ነቲ ትእዛዝ ዘይግሃስን ዘይቅየርን ገይሩ እዩ ቆጺርዎ። ተደጋጋሚ ምሕጽንታ እንተቐረበሉ’ውን ‘‘ሞትካን ልምዓትካን ኣብኡ ትኹን ተባሂለ እየ። ‘ረዳት ክለኣኽልካ እዩ’ ስለ ዝተበሃልኩ’ውን ኣብዚኣ ኣትኪልና ክንጽበ ኣለና ዝበለ ሰብ እዩ’’ ብምባል ይገልጽ። ብርግጽ ከኣ ናይዚ መጽሓፍ ኣዳለውቲ ምስ ጀነራል ጥላሁን ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መጠይቕ ነዚ ቃላት’ዚ እዩ ደጊምዎ።

ከምቲ ዝተባህለ ኣብ ለካቲት 1990፡ ቀዳም መዓልቲ ካብ ዓሰብ– ዳህላክ ሰራዊት ተልእኸ። ካብ 150 ዘይውሕዱ፡ ኣባላት ናይቲ ስፖርታክያ ዝተባህለ ፍሉይ ኣሃዱ እዮም። ካብ ዳህላክ፡ ብ1036 ዝመለለይኣ መርከብ (መሬት ክትንክፍ እትኽእል) ተጓዒዞም ፍርቂ ለይቲ ናብ መዓስከር ናቫል በይዝ ኣተዉ። ረጊጾሞ ኣብ ዘይፈልጡን ኣብ ዘይተለማመድዎ ቦታን ኣትኪሎም ጠጠው ከም ዝብሉ ኸኣ ተገብረ። እንተኾነ ሒደት ሰዓት ካብ ምውጋእ ሓሊፎም ንጸላኢ (ሻዕብያ) ክዓግትዎ ኣይኮነሉምን። ኣብ መንጎ’ዚ ኹነታት ካብ ላዕለዋይ መምርሒ ሓይሊ ባሕሪ ትእዛዝ ሓዘል መልእኽቲ መጸ። ንውጉኣት ቀዳምነት ሂብካ፡ ነቲ ሰራዊት ብመርከብ ክወጽእ ዝብል ትእዛዝ’ዩ ዝነበረ። ምድሪ እትትንክፍ መርከብ ኤል. ሲ. ቲ.–1035፡ ብሌፍትናንት ኣዲሱ መኮነን’ያ እትምራሕ። ውጉኣት መታን ክትወስድ ከኣ ኣብ ክለብ መኮንናት፡ ብልምዲ ‘ኣድሚራል ጄቲ’ ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ቦታ ተጸጊዓ ቆመት። ኣዛዚ ናይታ መርከብ ነቲ መጸግዒ ቦታ (ጄቲ) ጋሻ እዩ ዝነበረ። ቅድሚ ሽዑ’ውን’ቲ ቦታ መራኽብ ተጸጊዐንኦ ኣይፈልጣን። እቲ ባሕሪ መሊኡ ስለዝነበረ ኣብ ግቡእ ቦታ ጠጠው ኣየበልዋን።



ቄጥቋጥን ኣእማንን ኣብ ዝበዝሖ ቦታ’ያ ጠጠው ኢላ። ብዘይካ’ዚ ኣብቲ ክትወጸሉ ዝግብኣ ሰዓት ባሕሪ ስለዝገሸ ዓቢ ሽግር ተፈጥረ። እቲ ክለብ መኮንናት ከም ግዝያዊ መደበር ጥዕና እዩ ዘገልግል ዝነበረ። ኣብኡን ከባቢኡን እግሩ ዝተሃርመ፣ መዓንጣኡ ዝተዛሕዝሐ፣ ኣዒንቱ ዝጠፍአ … ኣባላት ስለዝነበሩ፣ ነዚኣቶም ምጽዓን ቀዳምነት ኪወሃብ ዝግባእ ኢዩ። እንተኾነ ነቶም ውጉኣት ጽዒና ቅድሚ ምብጋሳ፣ ድሮ እቲ ውግእ ኣብ ከባቢ’ቲ ናይ ቀደም ሓይሊ ባሕሪ ኮሌጅ ዝነበሮ ህንጻታት ክበጽሕ ከኣለ። ኣባላት ሻዕብያ ብቑረጸ (እንትልፋፍ) ሓጹር እናዘለሉ ናብቲ መዓስከር ተደርገሙ።

ሻዕብያ ብታንክታትን ድሩዓት መኻይንን እናተሓገዘ ንመርከበኛታት፣ ሕጹያት መኮንናትን ካልኦት ኣባላት ሰራዊትን ብየማንን ጸጋምን ኣኽቢቡ የጥቅዕ ነበረ። እቲ ኩነታት ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ስለዝኾነ ንኣባላት፣ ብመልእኽተኛ ክሳብ’ታ መርከብ ንኽመጹ ትእዛዝ ተመሓላለፈ። እንተኾነ ካብቲ ናይ ውግእ ዞባ ኣዝሊቖም ክሳብ ዝመጹ ግዜ ተቓጺሉ። ብፍላይ’ቶም ነባር ኣባላት ህልኽ እናሓዞም ካብ ጥቓ’ታ መርከብ ይምለሱ ነበሩ። ብግምት ክሳብ ሰዓት 10፡ 00 ኣባላት ሰራዊት እንተተሰቕሉ’ኳ፣ እታ መርከብ ግና ነቕ ክትብል ኣይከኣለትን። ባሕሪ ሃዲሙ’ዩ ነይሩ። ምሉእ ኣካላታ ኣብ መሬት ተቐሚጣ ስለዝነበረት ክትንሳፈፍ ኣይከኣለትን። ገለ መርከበኛታትን መኮንናትን ናብ መሬት ወሪዶም ናብታ መርከብ ንዝጽጋዕ ዝነበረ ሓይሊ ሻዕብያ

ክከላኸልዎ ፈተኑ። እታ መርከብ'ውን ዓጢቓቶ ብዝነበረት ናይ 20 ሚ.ሜ. ብረት እናተኸላኸለት ጸንሐት። እቲ ግዜ ሰዓት 11.00 ኮይኑ ነበረ።

ሻዕብያ ዝትኩሶ ዝነበረ ሰንጣቕን ተቓጻላይን ቡምባታት ምስ ኣተወ (ዓለበ) ክትኮስ፡ ቀጺሉ ባርዕ ከኸትል ዝግብኦ ትም ይብል። ክንዲ ዝኾነ ቡምባታት ምስ ሰባት ተፋጢጦም ዝጠማመትሉ ኩነታት'ዩ ተፈጢሩ። ኣብቲ ወቕቲ'ቲ ነቲ ክስተት ዝተመልከተ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ኮማንደር ተስፋዬ ታደሰ "ሞትን ህይወትን ብሓደ ዝተራእዩሉ!" ብምባል'ዩ ዝገልጾ።

ኣብታ መርከብ ዝነበሩ ኣባላት ነፍስ- ወከፎም ተኹሲ ቀጸሉ። ኣብ ብምልኡ'ቲ መዓስከር ውግእ ይካየድ ነበረ። ኣብ መንበሪ ገዛ (ቤተ- መንግስቲ) ሪር ኣድሚራል ኣከባቢ ዓሪዶም ዝነበሩ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ፡ ብሸነኽ ሞቢል ቆሪጾም ብዝኣተዉ፡ ኣባላት ሻዕብያ መብዛሕትኦም ተደምሰሱ። እቲ ውግእ ኣብ ከባቢ ክለብ መኮንናትን ቤተ መንግስትን ቀጸለ። እቶም ብጎኒ ቆሪጾም ዝመጹ ከኣ ነታ መርከብ ብታንክ ሃረምዋ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ብዙሓት ወተሃደራት ብሞት ተፈለዩ። ናብ ባሕሪ ዘሊሎም ብምእታው ሓምቢሶም ክምልጡ ዝፈተኑ'ውን ነበሩ።

ኣብታ መርከብ ዝነበሩ ብዘይካ'ቶም ዉጉኣት ክወርዱ ተገደዱ። ካብ ሞንጎ'ቶም ዝወረዱ ብ/ጀነራል ጥላሁንን ብ/ጀ/ ዓሊ ሓጂን ነበርዎም። ካብታ መርከብ ምስ ለቐቑ ምስ ዓጀብቶም ናብ መዕረፊ ኣጋይሽ ኣምርሑ (ይማረኹ ኢዮም)። ምክትል ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኮሞዶር በለጎ በለጠ ኣብታ መርከብ ምስ ነበረ መወዳእታኡ ኣበይ ከምዝኣተወ ኣይፍለጥን ኢዩ። ሓደው ኣብታ መርከብ ዓሪፉ ኣሎ። ይ ድማ ኣብ ማእከል'ቲ ውግእ ምስ ተሃርመ ናብ ባሕሪ ብምውዳቕ፡ ብማዕበል ህይወቱ ሓሊፉ ክኸውን ይኽእል። ነቲ ኩነታት ውግእ ሻዕብያ ብሬድዮኡ "ም/ ኣዛዚ ኮሞዶር በለጎ በለጠን ካልኦት ላዕለዎት መኮንናትን ኣብ ውግእ ተደምሲሶም" ኢሉ ከም ዘቃልሐን ኣባላት ከም ዝሰምዕዎን ይሕብሩ።

ካፒቴን ተስፋዬ ከበደ ንሓውሲ ደሴት ሼኽ ዓብደልቃድር ምስ ውሽጢ ባጽዕ ዝፈላሊ ባሕሪ ሓምቢሱ ብምስጋር ምስ ብርጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማ ክጽንበር ክኢሉ። ካብኡ ንሰሉሱ፡ ንብ/ጄ/ ተሾመ ጥይትን ቀለብን ከብጽሓ ካብ ዝመጻ ጀላቡ ኣብ ሓዲኤን ተሰቒሉ፡ ቀጺሉ "ኢትዮጵያ" ናብ ዝተባህለት ናይ ውግእ መርከብ ሰጊሩ። ኮማንደር ፍስሃ ጥላሁን- ምስ ካልኦት ኣባላት ጸጥታ- ምምራኽ ስለዝኣበየ ህይወቶም ካብ ዝሓለፉ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ሓደ ኢዩ። ኣብ እዚ ቀይሕ ባሕሪ፡ ናይ ወፍሪ መኮነን ኮማንደር ሃይሉ ለማ፡ ኮማንደር ኣስቻለው ጀማነህ ኣብ ከባቢ "ቤት ግምጃ" እናተዋግኡ ብስኬጆ ከቢድ ብረት ተሰዊኦም። ኮማንደር ማቴዎስ መኮ እናሓምበሰ ከሎ ጃልባ ስለዝረኸበ፡ ብኣኣ ገይሩ ናብ መርከብ ውግእ "ኢትዮጵ ዝሰገረ ኢዩ። ኣስማቶም ብዝርዝር ክፍለጥ ዘይተኻእለ፡ ብኣጠቓላሊ ብዙሓት መኮንናት፡ ታሕተዎት ሹማምንቲ፡ ሰብ ካልእ ማዕርግ - ሕጹያት መኮንናትን ናይ ሓይሊ ባሕሪ ሚሊሻታትን ህይወቶም ስኢኖም ኢዮም። እዚኣቶም ዘይተፈልጡ መርከበኛታት (The unknown sailors) ብምባል ኢዮም ዝዝከሩ። ብኻልእ ሸነኽ ምስ ጸላኢ (ሻዕብያ) እናተሓናነቑ ከለዉ ልዕሊ ዓቕሞም ብዝኾነ ኩነታት ዝተማረኹ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ" ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ብዓቢኡ ብ/ጀ/ ጥላሁን ክፍሌን ብ/ጀ/ ዓሊ ሓጂን ገለ ካባታቶም ኢዮም። መርከብ ኤል.ሲ.ቲ. 1035 ባሕሪ እናተመልሰ ምስ መጸ ከተንሳፍፍ ጀመረት። ንድሕሪት ክትንቀሳቐስ ኣብ ዝጀመረትሉ ግና ሻዕብያ ብዝተኮሶ ከቢድ ብረት ክፍሊ ሞቶርኣ ተሃርመ። ይኹን" ደኣምበር እታ መርከብ ብዘይ ሰብን ዘዋራይን ኣብቲ ባሕሪ ምንቅስቓስ ቀጸለት። ላዕልን ታሕትን ክትብል ውዒላ ኣማስያኡ ንፋስ ደፊኡ ናብ መሬት ደቕደቓ። ምድሪ እትትንክፍ መርከብ 1035 ናይ ታሪኽ ምዕራፋታ ኣብኡ ተዛዘመ።

እዚ ብምኺኑ መኮንናት፡ ታሕተዎት ሹማምንቲ. . .ኣብ መራኽብ ዘይተመደበ ሰራዊት ንሳልስቲ ክጠማጠም ድሕሪ ምቕናይ፡ ካብኡ ዝወጹ ብምሕምባስን ንኣሽቱ ጀላቡን ተጠቒሞም፡ ምስ ማዕበል እናተቓለሱ ክወጹ ክኢሎም ኢዮም። ካልኦት ብዙሓት ኣብ ባሕሪ ኣብ ዝንሳፈፍሉ ዝነበሩ እዋን መራኽብ ውግእ ረኺበን ህይወቶም ኣድሒነንኦም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ሓሙሽተ ታሕተዎት ሹማምንቲ ን48 ሰዓታት ብዝነፈሰ ጎማ እናሓምበሱ ደሰ ናብ ዝተባህለት ደሴት ክኣትዉ ክኢሎም። 46 ዝኾኑ መርከበኛታት ብመሬት ኣምሊጦም ኣስመራ ኣትዮም። መብዛሕትኦም ግና ኣብ ኢድ ጸላኢ (ሻዕብያ) ዝወደቑን ዝተማረኹን ኢዮም። እቶም ካብ ማእከል ባሕሪ

እናተለቕሙ ዝወጹ መርከበኛታት ቁጽሮም ኣዝዩ ብዙሕ ብምኳኑ በብስሞም ክትዝርዝሮም ኣጸጋሚ ኢዩ። ብሓፈሻ ኣብ ባጽዕን ከባቢኡን፡ ኣብቲ መወዳእታ ምትሕንናቕ ዝጠፍአ ዘይተኣደነ ዝሰልጠነ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሰብ ብገንዘብ ክትመን ከሎ፡ ልዑል ወጻኢ ዝሓተተ ሃብትን ንብረትን ሃገር ኢዩ።

# “ፈንቅል” ብዓይኒ ደርጋውያን

## “ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ”

‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ’’ እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጻሕፈት’ያ። ብዛዕባ’ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጻባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቑ ይቕጽል፡- 4ይ ክፋል

ድሕሪ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ውግእ፡ ሰንበት ሰዓት11፡ 00 ቅድሚ ቐትሪ፡ ብቐዳምነት መደበር ሓይሊ ባሕሪ ባጽዕ (ናቫል ቤዝ) ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሻዕብያ ወደቐ።

‘‘. . . ብሰንበት ምሸት፡ ምድሪ ብእትትንክፍ መርከብ ውግእ ኤል– ሲ–ቲ 1036 ናይ ስፓርታክያድ (ስፓርታ) ፍሉይ ሰራዊት ካብ ዳህላክ ናብ ድሕሪ ምጽዋዕ፡ ብካርታ ባሕሪ ኣብ ዝተጸንዐ ቦታ ክወርዱን ንጸላኢ (ህዝባዊ ግንባር) ከጥቅዑን ተመደበ። እንተኾነ፡ ኣብቲ ከባቢ ክበጽሑ’ኳ እንተኸኣሉ፡ እቲ ብርትዐ ናይ ተኹሲ ዘርዕድን ዘበርግግን ስለዝነበረ እቲ ሰራዊት ካብ መርከብ ክወርድ ኣይከኣለን። ኣዛዚ ናይታ መርከብ፡ ሰራዊት ንምውራድ ‘ኣሻፈረኝ’ (እምቢ) ከምዝበለ ንኮሞዶር ፊሊጶስ ክብረት ሪፓርት ገበረ። እቲ ኮሞዶር ግና ‘ብላዕለዋይ ኣካል ንሕና ከም ዘይተዋጋእና ተገይሩ ይዝረብ ስለዘሎ ዝገበርካ ገይርካ ኣውርዶም. . .’ ዝብል ትእዛዝ ኣመሓላለፈ።

እንተኾነ፡ እቲ ሰራዊት ከም ማዕበል ተላዕለ – ‘ኣይወርድን’ ከኣ በለ። እቲ ሰራዊት በዚ’ውን ከየብቅዐ፡ ነቲ ኣዛዚ ኣገዲዱ ንታ መርከብ ናብ ዳህላክ ከም እተምርሕ ገበራ። ብተወሳኺ እታ መርከብ ናይ ራዳርን ሓደ ሞተረን ምብልሻው ስለ ዘጋጠማ ምሉእ ለይቲ ናይ ሬድዮ ርክብ ኣቋሪጻ’ያ ነይራ። ንብ/ ጀነራል ተሾመ ድጋፍ ክገብር ዝተኣዘዘ ሰራዊት ካብ መርከብ ምውራድ ስለ ዝኣበየ እቲ ጀነራል ድጋፍ ከይረኸበ’ዩ ተሪፉ። ብዝኾነ መወዳእታኡ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ባጽዕ ስለ

ዝተታሕዘ፡ ምስተን ዝተረፋ መራኽብ ተተሓሒዝካ ጉዕዞ ናብ ዳህላክ ኮነ. . .”
ብምባል ተዘክሮታቱ ዝገለጸ ናይ መበል 111 ስኳድሮን ፈጣን ኣጥቃዒት መርከብ FTB–110 ናቪጌሽን ኦፊሰር (መኮነን) ዝነበረ ጁኒየር ሌፍትናንት ፈለገ ውሂብ ኢዩ።

ሻዕብያ “ፈጣናት ጃልባታተይ ዝለዓለ ናውቲ ውግእን ሚሳይልን ምስ ዝዓጠቓ መራኽብ ውግእ ኢትዮጵያ ተዋጊአን’ የን ኣህዲመንአን፡ ኣጥሒለንኣን. . .” ዝብ ዘይእመን ኢዩ። ርግጽ’ዩ፡ ጸልማት ተጎልቢበንን ብራዳር ናይ ዘይምርኣየንን ሓቅታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ብንኣሽቱን ረሻሻት ዝዓጠቓን ፈጣናት ጃላቡኦም ገይሮም ምስ መራኽብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ከም ዝተዋግኡ ዝፍለጥ ኢዩ። እዞም ናይ ሻዕብ ፈጣናት ጃላቡ ዝመርሑ ኣባላት፡ ብ ‘ካሚካዚ’ ተባሂሉ ዝፍለጥን ናይ ጃፓን ተዋጋእቲ ነፈርቲ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ብልሓት (ስልቲ) ዝጥቀሙን ክቱር ድፍረት ዝዓሰሎም (ነውጸኛታት) ኢዮም። ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ናይ ለይቲ መነጽር (night vision) ዝዓጠቐሉ ኣጋ መወዳእታ 1989 እዩ ዝነበረ። ቅድሚ’ዚ ግዜ፡ እዚ ዕጥቂ’ዚ ኣይነበሮን። ብኣሜሪካን ካልኦት ምዕራባውያን ሓይልታትን ናይ ኣጽዋር እገዳ ይግበረልና ነይሩ። እተን ፈጣናት ጀላቡ ሻዕብያ ቀልጢፍካ ንኽትርእየን ኣጸጋሚ እዩ። ንሳተን ግና ንመራኽብ ውግእ ኢትዮጵያ ከም ጎቦ ብቐሊሉ ክርእያአን ስለዝኽእላ፡ ነዚ ምቹእነት’ዚ ተጠቒመን ጉድኣት ከም ዘውረዳ ዝከሓድ ኣይኮነን።

ናይቲ ቅንያት ኩነታት ባሕሪ፡ ንመራኽብን ጃልባታትን ሓይሊ ባሕርና ‘ግዳጅ’ (ወፍሪ) ንኽፍጽማ ዘኽእለን ኣይነበረን። ውግእ ካብ ዝተጀመረሉ ኣትሒዙ፡ ምናልባት ንዝተወሰነ ሰዓታት’ዩ ህድእ እንተበለ’ምበር ማዕበል ዓሚጹ (ሓንጊዱ)’ዩ ነይሩ። ከም መንደቕ ጠጠው ብምባል ኣብ መሬት ንዝዋግኡ ዝነበሩ ኣባላት መታን ከየዝልቑ “ኣብ ዘለኹሞ ጠጠው በሉ” ዝብል ዝነበረ’ዩ ዝመስል። ብሓቂ እቲ ማዕበል’ውን ከም ግመ፡ ዝናብን ሻዕብያን ተደራራቢ ጸላኢ ብምኳን ተዋጊኡና እዩ ክበሃል ይከኣል።

ኣብቲ ባሕሪ ኣቐዲሙ፡ ብወገን መራኽብና ዝተዓመመ ስርሒት ኣሎ። ቀዳም፡ ሕጹያት መኮንናት ዝምረቕሉ መዓልቲ እዩ ዝነበረ። ኣቐዲሙ ግና እተን ናይ ውግእ መራኽብ ነቲ በዓል ምድላዋት ክገብራ ተሓቢርወን ነበረ። ከምኡ’ውን ሻዕብያ ነቲ በዓል ክዝርግ ድሕር ከም ዘይብል ጥርጣረ ነይሩ ኢዩ። ስለዚ ካብ ‘እዚ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ’ ናይ ወፍሪ መኮነን ሌ/ኮማንደር ሃይሉ ለማ ነፍስ– ወከፍ መርከብ ውግእ ን15 መዓልቲ ዘጽንሕ መግቢ ክትሕዝ፡ ብካርታ ዝተደገፈን ኣብ ዝተሓበረቶ ዞባን ኮለላ ክትገብርን ንኹላተን መራኽብ ውግእ ትእዛዝ ከም ዝበጽሖን ተገይሩ።

በዚ መሰረት ኩለን መራኽብ ውግእ ምሸት ወጽየን ንግሆ ዝኣትዋሉ ኩነታትን ምድላዋትን ከም ዝነበረ'ዩ ዝፍለጥ ... ብዝኾነ መወዳእትኡ እቲ መዓስከር ምስ ተታሕዘ ጉዕዞ ናብ ዳህላክ ኮነ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት 1990 ናይ ኤርትራ ናጽነት መውጽኢ ግንባር (ህ.ግ.ሓ.ኤ.) ምጽዋዕን ከባቢኡን ስለዝተቈጻጸሮ፡ መራኽብ ኢትዮጵያ መዕሸግን ድጋፍ ዝህብ ትካልን ስለዝሰኣና'የን ኣብ ዳህላክ (ናኹራ) ግዝያዊ መዓስከር ክገብራ ዝኸኣላ። ናብዚ ውድቀት ዘምርሐ ንድሕሪት ተመሊስካ ምርኣይ የድሊ። ካብ 1979- 1981 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ናይ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ምኹብላል ኣዝዩ ብምብርካቱ ንመንግስቲ ዘሰንበደን ኣዝዩ ዘተሓሳሰበን ጉዳይ'ዩ ነይሩ። ንኣሽቱ መራኽብን ጃላቡን እናጨወኻ ምኹብላል ዘይፍታሕ ሕንቅሊተይ'ዩ ኮይንዎ። እዚ ተግባራት ኣብ ሰራዊት ንዝነበረ ምትእምማን እናጸበበን ሓድነቱ እናተሸርሸረን ከም ዝኸይድ'ዩ ገይርዎ። ካብ 1979 እቲ ሽግር እናበኣሰ ብምኻድ 'ዘድያክ' ብዝዓይነታ ጃልባ ከምኡ'ውን ብንኣሽቱ ናይ ውግእ መራኽብ፡ ብፍላይ ብሸነኽ ዓሰብ እቲ ኹብለላ በብግዚኡ እናዓመረ እዩ ከይዱ። እቲ ጉዳይ ዘሰንብድ ዝኾነሉን ብወገን መንግስቲ ዝያዳ ኣተኩሮ ዝተገብረሉን ግና ኣብ 1981 እዩ ዝነበረ። ዝተወሰኑ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ 204 ዝመለለይኣ መርከብ ውግእ ካብ ዓሰብ ሒዞማ ድሕሪ ምኹብላሎም እዩ።

እዚ ብምኽኑ ''ሓይሊ ባሕሪ ንኣብዮት (ሰውራ) እሙን ክኸውን ዘይከኣለሉ ምኽንያት ካብ ኣባላቱ ደም ስለ ዘይፈሰሰ እዩ'' ዝበለ ፕረዚደንት መንግስቱ ሃይለማርያም ብናቱ ትእዛዝ ፈለማ ጕስጓስን ናይ ፖለቲካ ትምህርትን ተዋህበ። ''እዚ ጉዳይ መፍትሒ ክረክብ ዝኽእል ብስነ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ማርክስነትን ለኒንነትን'ዩ '' ብምባል፡ እቲ ወተሃደራዊ መንግስቲ ናይ ምጽዋዕን ዓሰብን ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ንሰለስተ ወርሒ ዝኣክል ሓዲሩን ብታንክን መዳፍዕን ኣኽቢቡን ካድረታት ከም ዝጕስጎሱዎም ገበረ። እንተኾነ እቲ ኹብለላ ክቕጽል ደኣ ተራእየ። ''ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝወጸ ትእዛዝ'' ተባሂሉ ብንባብ ዝተሰምዐ፡ ንሰራዊት መምሃሪ (መሰክሒ) መታን ክኸውን፡ ሰራዊት ኣብ ገማግም ጕርግሱም ኣብ ዝተኣከበሉ 11 ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ክርሸኑ ከለዉ፡ 20 ኸኣ ካብ 5-12 ዓመታት ማእሰርቲ ተፈሪዶም። እቶም ዝተፈርዱ መርከበኛታት ኣስመራ ኣብ ዝተኣስርሉ እዋን ንነዊሕ ዓመታት ተሰራጥዮም እዮም። ደም ስለ ዝፈሰሰ ግና እቲ ምኹብላል ጠጠው ኣይበለን። መራኽብ'ውን ካብ ምጭዋይ ኣይደሓናን። ኣብ 1981 ናይ መርከብ ውግእ 204 ምኹብላል

እናስደመመ፡ ዝገደደ ተርእዮ ዝተኸስተሉ ኣብ 1990፡ ሓይሊ ባሕሪ ‘ሰሜን እዝ’ ባጽዕ ለቒቑ ዳህላክ ኣብ ዝዓስከረሉ ኢዩ።

ስርሓት ሶቬት ዝኾነት ፍርጌት 1616 ዝተባህለት መርከብ ውግእ ኣብ ከባቢ ዳህላክ ኣብ ሓለዋ እንከላ፡ ምስ ናይ ሻዕብያ ፈጣናት ጀላቡ ውግእ ገጢማ ነበረት። ካብኡ እናተመልሰት ግና ኣብ ልዕሊ’ታ መርከብ ዘይተሓስበን ትጽቢት ዘይተገብረሉን ኩነታት ተፈጥረ። ገለ ኣባላት’ታ መርከብ፡ ንናይ’ታ መርከብ ኣዛዚ፡ ገዛኢ ቦታ ንዝሓዙ መኮንናትን ታሕተዎት ሹማምንትን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣውዓልዎም። ብብረት ኣገዲዶም ከኣ ኣብቲ ወቕቲ ከም ጸላኢት እትቁጸር ናብ ዝነበረት ሱዳን ሒዞማ ኮብለሉ። መንግስቲ ደርጊ ምስ ሱዳን ጽቡቕ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ኣይነበሮን። ክንዲ ዝኾነ ናይዛ መርከብ ኣብ ገምገም ሱዳን ምእታው ከም ዓቢ ዓወትን ዘይተሓስበ ሽሻይን ስለ ዝነበረት መንግስቲ ሱዳን ብሓጎስ’ዩ ተቐቢልዋ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ድማ ጽባሕ’ቲ ደርጊ ዝወደቐሉን ሰራዊቱ ዝተበተነሉን፡ መንግስቲ ሱዳን ናይ ኢትዮጵያ ቀንደኛ ጸላኢ ምኧኑ ንኸርኢ ብዝመስል ነታ መርከብ ከም ሽልማት ንሻዕብያ ምርካቡ እዩ። እታ ከም ገጸ–በረከት ዝተዋህበቶ ፍርጌት መርከብ ግና መንግስቲ ኤርትራ ዘገልገለቶ ኣይመስልን። እቲኣ ዝኣመሰለት ገዛፍ፡ ዘመናዊትን ዝተሓላለኸ መሳርሒታት ዝነበራ መርከብ፡ እቲ መንግስቲ ከንቀሳቕሳ ዝኽእል ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ብእዋኑ ኣይነበሮን። ብዝኾነ ባጽዕ ድሕሪ ብዙሕ ቃልስን ናይ ሂወት መስዋእትን’ያ ተለቒቓ። ከም ኣማራጺ ኮይኑ ዝተረኽበ ኸኣ ናይ ሰሜናዊ እዚ ሓይሊ ባሕሪ ምስ ናይ ሶቬት ሓይሊ ባሕሪ ተደሪቡ ኣብ ደሴት ዳህላክ ከም ዝሰፍር ምግባርን’ዩ ዝነበረ። ኢትዮጵያ ብዝተፈላለየ ሽነኻት ኣብ እተካይዶ ዝነበረት ኲናት ሶቬት ንዝገበረትላ ልዑል ሓገዝ፡ ከም ሞሳ፡ ዳህላክን ናኹራን ንኽትጥቀመሉ መንግስቲ ኣፍቂዱላ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ፕረዚደንት ሚካኤል ጎርባቾቭ ስልጣን ድሕሪ ምሓዙን እቲ ሓገዝ ኣብ ዝተበትከሉን ጽባሕ፡ ኣብ ዳህላክ ዝነበረ ሓይሊ ባሕሪ ሶቬት ትጽቢት ኣብ ዘይተገብረሉ፡ ብዘሕዝን ኩነታት – ብድንገት ገዲፎሞ ከይዶም። በቃ! ኣብ ሓደ ለይቲ ንሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ከየፍለጡ መራኽቦም ሒዞም ጸሊቖም’ዮም ካብታ ደሴት ለቒቖም። ልክዕ’ዩ፡ ብዛዕባ ኣብ ዳህላክ ዝርከብ ንብረቶም ብመሸጣ ናብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሰጋገረሉ ኩነታት ዝርርብ ዘይነበረ ኣይኮነን። ዝረኻኸብሉ መገዲ’ውን ውዕል ተፈራሪሞም ኢዮም። እዚ ውዕል’ዚ ካብ ዳህላክ ከም ዝለቁ ኣማቲ’ዩ ዝነበረ። እቲ ኣዝዩ ዘሕዝነካ ግና ብዘይ ዝኾነ ርኽክብ፡ ከም ሰራቒ ብለይቲ ሞሊቖም ምኻዶም እዩ። ብዝኾነ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ንብረቶም ኣብ ኢድ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ክኣቱ ብምኽኣሉ መከሓሓሲስ ኣይተሳእነን።





*1990፡ ገለ ካብ ኣዘዝቲ ህዝባዊ ሰራዊት ብኣጋጣሚ ስርሒት ፈንቅል ምስ ጋዜጠኛታት ቃለ መጠይቕ እናካየዱ*

## “ፈንቅል” ብዓይኒ ደርጋውያን

### “ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ”

‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ’’ እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጸሕፈት’ያ። ብዛዕባ’ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጸባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቑ ይቕጽል፦ 5ይ ክፋል

ኣብ መጀመርያ 1971 ናይ ሶቭየት ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ሶማል (በርበራ) መዓስከር ከም ዝነበሮ ኣቐዲሙ ተሓቢሩ እዩ። እንተኾነ ሽዑ ምስቲ ስርዓት(ሶማል) ብዝተፈጠረ ግጭት፡ ብፍላይ ናይቲ ሓይሊ ባሕሪ ምሕዳስን ምጽጋንን ዘካይድ ዝነበረ በዓል 8500 ቶን ዝንሳፈፍ መርከብ ካብ በርበራ ናብ ዳህላክ ከም ዝግዕዝ ተገብረ። ኣብቲ ከባቢ መዓስከር ውግእ ብምቛም ከኣ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ህንዳዊ ውቅያኖስን ካልእ ዝተፈላለየ ቀጠናታት ኣብ ስርሒት ንዝተዋፈራ ዝተፈላለያ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ሶቭየት መራኽብ ኣድላዪ ጽገናታት እናገበረ ካሳብ 1991 ይጥቀመሉ ነይሩ እዩ።

ብሓፈሻ ሰራዊት ኢትዮጵያ ሓይሊ ምድሪ፡ ሓይሊ ባሕርን ካልኦት ክፍልታቱን ንውድቀት ዝዳረገ ዝተፈላለየ ምኽንያት’ ኳ እንተለዉ፡ ብጸብጻብ(መጽናዕቲ) ካብ ዝተረኽቡ ነጥብታት ግና ነዞም ዝስዕቡ ክዝርዘሩ ይከኣል፦ ናይቲ ኲናት ምንዋሕን ኣባላት ሰራዊት ንነዊሕ ዓመታት ዕረፍቲ ዘይምውሳዶምን ምስ ቤተ–ሰቦም ዝነበሮም ምፍልላይን፡ ሰራዊት ኣብ ሓለፍቱን ምምሕዳሩን ዝነበሮ ተስፋ ብምቑራጹ፡ መንግስቲ ደርጊ ንሰላማዊ ዘተ ዝነበሮ ተሪር ልቢ፡ መብዛሕትኦም ናይ እዚ ኣመራርሓን ላዕለዎት ወተሃደራዊ መኮንናትን ብምርሻኖም፡ መብዛሕትኡ ሰራዊት ተስፋ ዝቖረጸን ሓያል መሪሕነት ስለዘይብሉን ሰሚሩ ስለዘይዋጋእን፡ ኣብ ማርያም ኣስተርእዮ(ምጽዋዕ) ብዘይ ብቑዕ ተፍትሽ በቲ በዓል ተጎልቢቦም ዝኣተዉ ፈዳይን ሻዕብያን ኣስተኳሽን ስለዝነበሩ፡ ምጽዋዕ ካብቲ ልሙድ ዝተፈልየ ዝናብ ብምውቅዑን እቲ ከባቢ ብግመ ብምሽፋኑን ሓይሊ ኣየር ከም ልቡ ዒላምኡ ክሃርምን ክድብድብን ዘይምኽኣሉ፡ ሻዕብያ ካብ ናይ 1977 ተሞኩሮኡ ተበጊሱ ዘሎን ዘየሎን ሓይሉ ስለዘሰለፈ፡ ናይ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት እዚ መገዲ ኣስመራ–ባጽዕ ክኸፍቶን ኪኖኡ’ውን ረዳት ክልእኽ ዘይምኽኣሉን፡ ሓቀኛታት ተዋጋእቲ ከም ምህላዎም መጠን ብመንጽሩ ከሓድቲ

ስለዝበርከቱ. . . ክግለጽ ይከኣል። እዚ ኹሉ ተደማሚሩ ኣብ ምጽዋዕን ከባቢኡን ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንኽሰዓርን መወዳእታኡ ከኣ መጥመሪ ከም ዘይብሉ ቅሚጦ ክበታተንን በቒዑ።

ኣብዚ ውግእ ግድን ክጥቀስ ዝግብኦ ነገር እንተሎ፡ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ክሕሎ ዝነበሮ ብናይ ማሪን ሓይሊ(ወተሃደራት) ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና፡ ጽባሕ’ ቲ ‘‘ኣብዮት ዝነተጎሉ’’ ብዝነበረ ናይ ስርዓትን እዝን ቁጽጽር ምዝባዕ ናይቲ ክፍሊ(ማሪን ሓይሊ) ናይ ምፍራስን ኣባላቱ ምብትታንን ዕጫ’ ዩ በጺሕዎ። እንደገና ብኽንደይ ቃልስን ውረድ- ደይብን’ ዩ ብናይ መንግስቲ ፈቓድ ክስልጥንን ብደረጃ ቦጦሎኒ ከም ዝቐውምን ተገይሩ። ብኣጠቓላሊ ድሕሪ’ ቲ ኣብ 1977 ሻዕብያ ንምጽዋዕ ንምቁጽጻር ዘካየዶ ውግእ፡ ብወገን መንግስቲ ካብኡ ተሞኲሩ ባጽዕን ከባቢኡን ብመሬት ዝግበር ሓለዋን ምክልኻልን ልዑል ትኹረት ኣይሃበን። ሻዕብያ ኸኣ ነቲ ናይ 1977 ውግእ ሕነኡ ንኽፈዲ ዓቢ ኣጋጣሚ ኮይንሉ ኢዩ።

ብዝኾነ እቲ ካብቲ ውግእ ዝተረፈ ሰራዊት ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ዳህላክ- ናኹራ ኣብ ዝሰፈረሉ ንዝተወሰኑ መዓልታት ናይ መግቢ ሕጽረት ኣጋጢምዎ ኢዩ። እንተኾነ ግና ናኹራ ዝርከብ ናይ ሶቭየት ሓይሊ ባሕሪ ናይ ቀረብ መግቢ ድጋፍ ስለዝገበረሎም እቲ ጸገም ክቕረፍ ተኻኢሉ። ውዒሉ ሓዲሩ ካብ ኣስመራ- ዳህላክ ዳኮታ ብዝዓይነታ ነፋሪት ኮረሾ(ደረቕ መግቢ)ን ካልእን እናተላእከ ዳግመ- ምቛም ክግበር ተኻኢሉ። ቀጺሉ’ ውን ካብ ማእከል ሃገር ናይ ሎጂስቲክ ቀረብ ክመጽእ ተኻኢሉ። ብፍላይ ዓሰብ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ስለዝነበረት ብኸም ‘ ኣጥብያ ኮኾብ’ ዝኣመሰላ ዝተፈላለያ መራኽብን ናይ ማይ ታንከራትን ማይን መግብን እናተጻዕነ ናኹራ ከም ዝበጽሕ ተገብረ። ኣብቲ ከባቢ ናይ መንበርን ቤት- ጽሕፈትን ኣባይቲ ብዘይምንባሩ ንኹሉ- ምሉ ምውዳብ ኣድላዪ’ ዩ ዝነበረ። ኣባላት ሶቭየት ዝተወሰኑ ኣባይቲ ሂቦሞም። ከምኡ’ ውን ካብ ሳናዱቕ ቡምባታት ቢ- ኤም 21 ንመንበሪኦም፡ መመገቢኦምን መዘናግዒኦምን ዝኾኖም ኣባይቲ ሰርሑ። ብወገን መንግስቲ ብዝተወስደ ቅልጡፍ ስጉምትታት ከኣ ክልተ ዓበይቲ ጀነረይተራት ስለዝተረኽባ ኣብ ጥቕሚ ናይቶም መርከበኛታት ክውዕላ ከኣላ። ኣብ ደሴት ናኹራ ክልተ ልዑል ኤሌክትሪክ ዘመንጭዋ ጀነረይተራትን ክልተ ዓበይቲ ፍሪጅን(መዝሓሊ) ነበራ።ድሒሩ ኸኣ ካብ እስራኤል ክልተ ክቡር ዝዋግአን ናይ ማይ መጻረዪ መሳርሒታት ብሓገዝ ተረኽበ። እዘን ኣብ መዓልቲ ሓደ ሽሕ ቶን ማይ ዘጻርያ መሳርሒታት፡ ማይ ባሕሪ ናብ ጽሩይ ማይ ብምቕያር ኣብ ጥቕሚ’ ቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ሰራዊት ከም ዝውዕል ተገይሩ እዩ።

ንመርከበኛታት መንበሪ፡ መኸሸኒ፡ መመገብን መዘናግዕን ዘገልግሉ ብቅርጺ ኬስፓን (K– SPAN) ዝተሰርሑ ኣባይቲ ነበሩ። ጥልያን ከም ቤት ማእሰርቲ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ሓደ ገዛ ንኣገልግሎት ሕክምና ከም ዝውዕል ˀውን ተገይሩ ነይሩ። እንተኾነ ኩሉ ˀቲ ኣባይቲ ሻዕብያ ባሕሪ ኣሳጊሩ ካብ ቡሬ፡ ብዘይምቁራጽ ካብ ዝትኩሶ ናይ 130 ሚ.ሜ. መድፍዕ ዘየናግፍን መከላኸሊ ዘይብሉን ኮይኑ ˀዩ ተረኺቡ። ክንዲ ዝኾነ ‘‘ኩሉ ˀቲ ንመንበርን ቤት– ጽሕፈትን ከገልግል ዝሰራሕ ህንጻታት ኣብ ትሕተ– መሬት(ኣንደርግራውንድ) ክኸውን ኣለዎ’’ ብምባል እቲ ሓይሊ ባሕሪ ንመንግስቲ ስለዘእመኖ፡ ብህጹጽ ንኽሰራሕ ብፕሬዚደንት መንግስቱ ሃ/ ማርያም ተኣዚዙ ነበረ። እንተኾነ፡ ከይተተግበረ ከሎ ኩነታት ስለዝተቐያየረ ሓይሊ ባሕሪ ንዳህላክ ለቒቑ ደኣ ወጸ።

ኣብቲ እዋን ˀቲ ሻዕብያ ካብ ቡሬ 130ሚ.ሜ. ብዝዓይነቱ ከቢድ መሳርያ ብዘይ ምስልካይ የጥቅዕ ˀኳ እንተነበረ፡ ኣብ ዳህላክ ዝነበረ ጸጥታን ምርግጋእን ግና ዘተኣማምን ˀዩ ዝነበረ። መሬት ዳህላክን ከባቢኡን ንምሕላውን ኪኖኡ ˀውን ሻዕብያ ካብ ዝትኩሶ ናይ 130ሚ. ሜ. ደብዳብ ንምክልኻል እዚ ዝስዕብ ስጉምትታት ተወሲዱ፦ ብኣጋር ሰራዊት ምድልዳል፡ ኣብ ዳህላክን ስግር ባሕሪ ምስ ጎቦታት ቡሬ ኣብ ዝመዓደው ቦታታትን ክልተ ናይ 130ሚ.ሜ. መዳፍዕ ምትካል፡ ናብ ደሴት ናኹራ ንዝሰሉኽ ጸላኢ(ሻዕብያ) ንምክልኻል ብኣባላት ማሪን ዝተወደበ ናይ መትረየስ ኣሃዱ ምምዳብ ዝኣመሰለ ኣድላዩ ስጉምትታት ተወሲዱ ምንባሩ ክፍለጥ ይግባእ።

ብኻልእ ወገን ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓይሊ ባሕርና ኣብ ዝነበረሉ ናይ ሻዕብያ ፈጣናት ጀላቡ ሰንጢቐን ብምእታው በብግዚኡ ምስ መራኽብ ውግእና ግጥማት ኣካይደን ኢየን። እዚ ጥራይ ˀውን ኣይኮነን። ናይ ዳህላክ ናይ ምክልኻል ውጥን ብባሕሪ፡ መሬትን ኣየርን ዝተዋደደ ኢዩ። ሻዕብያ ኣብ ቡሬ ብዝተኸሎ ናይን130ሚ.ሜ. መዳፍዕ በብግዚኡ መራኽብ ከጥቅዕ ይፍትን። ንኣባላት ሓይሊ ባሕርን ኣጋር ሰራዊትን ቅሳነት ብምኽላእን ጉድኣት ንኸብጽሕን፡ ከምኡ ˀውን ናይ ዳህላክ መዕርፎ ነፈርቲ ንኸጥቅዕ ብርክት ዝበለ ፈተነታት ኣካይዱ። ነዚ መጥቃዕቲ ንምምካት መታን ክከኣል ካብ ኣስመራ ብዝመጻ ተዋጋእቲ ነፈርቲ(ጄት)፡ ብመገዲ ዘመናዊ ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒታት ዝዓጠቓ ኮለልቲ(ናይ ስለያ) ነፈርቲ ስለዝድብደብ ግና ዕላምኡ(ሻዕብያ ምኺኑ ˀዩ) ክቃንዓሉ ኣይከኣለን። ሻዕብያ ‘ምጽዋዕ ነጻ ገይረያ ˀ

ይበል ደኣ’ምበር ነቲ ወደብ’ሲ ክጥቀመሉ ኣይከኣለን። እኳ ደኣ፡ ሓይሊ ባሕርና ዓጢቑዎ ብዝነበረ ናይ ርሑቕ ሚሳይል ናይ ጸላኢ ዒላማታት ይድብድብ ነይሩ ኢዩ። ናይ ኢትዮጵያ ሓይሊ ባሕሪ ዳህላክ ኣብ ዝጸንሐሉ ግዜ ምስ ተፈጥሮን ሻዕብያን እናመከቱን እናተቓለሱን ክሳብ መወዳእታ ጸኒሑም ኢዮም። እንተኾነ ሻዕብያ ካብ ባጽዕን ከባቢኡን ክወጽእ ኣብ ልዕሊ ዘይምኽኣሉ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት ናይ 1991 እቲ ሰራዊት ካብ ዳህላክ ክለቅቕ ተገዲዱ። ልክዕ’ዩ፡ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ሻዕብያ ካብ ታባታት ቡሬ በብግዚኡ ዝትኩሶ ዝነበረ ናይ 130ሚ.ሜ. ዘይተኣደነ ደብዳብ ቡምባታት ተጻዊሩ፡ ብቐጻሊ ብጉልባብ ጸልማት ኣብ ሓለዋን ኮለላን ንዝነበራ መራኽብና ከጥቅዓ ዝህንደዳ ብ ‘ካሚ– ካዚ’ ዝፍለጣ ፈጣናት ጀላቡ ሻዕብያ ብምፍሻል ክሳብ’ቲ ንስደት ዝተዳረገሉ እዋን ከም ዝጸንሐ’ዩ ዝፍለጥ።

...ንሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ብዝምልከት፡ ብመጀመርታ እቲ ብግዜ ሃይለ ስላሴ ተመስሪቱ ዝነበረ ሓይሊ ባሕሪ ምስ ምምጻእ ስርዓት ደርግ ዳርጋ ተበታቲኑን ዓቕሙ ኣንቆልቊሉን እዩ። እቲ ደርግ ምስ መጸ ዘምጽኦ ሓይሊ ባሕሪ’ውን እንተኾነ ዓቕሚ ነይርዎ ክበሃል ኣይክኣልን።



እዚ ሓይሊ ባሕሪ’ዚ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ን ‘ዓበይቲ ዓወታት’ መዳመቒ’ ምበር ናይ ብሓቂ ነዚ ባሕሪ’ዚ ንምሓዝ፡ ንምሕላው፡ ኣብኡ ኣድማዒ ስራሕ ንምስራሕ ቅሩብ ኮይኑ ኣይጸንሐን። ከምዚ ኣብ ተመኩሮ ዝረኣናዮ እዩ።

ብወገን ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ሰራዊት ክርአ እንከሎ፡ መጀመርታ ምስ ኣዝዩ ዘይምቹእ ወይ ምዕቡል ዘይኮነ መሳርሒ ኣብ ዓበይቲ ስራሓት ኪካፈል ከም ዝጸንሐ ክዝከር ይግባእ። ቅድሚ ክልተ ዓመታት ኣቢሉ ንወደብ ምጽዋዕ ኣጥቂዑ ዕዉት ስርሒት ፈጺሙ ነይሩ። ኣቐድም ኣቢሉ’ውን ኣብ’ቲ ኣብ ወደብ ዓሰብ ዝርከብ መጻረዪ ነዳዲ **(refinery)** ኣብ መሬት ወሪዱ መጥቃዕቲ ብምፍጻም ብባሕሪ ናብቲ ሓራ ቦታታትና ኪመጽእ ክኢሉ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሰሜን ይኹን ደቡብ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ቅድሚ ሕጂ ሰለስተ ዓበይቲ ስራሓት ፈጺሙ። ስለዚ ሓይሊ ባሕሪ

*ሀ.ሰ. ከም ሓቂ ኣብ ሓያል ተመኩሮ ዝማዕበለ እዩ ክበሃል ይከኣል።*



ነዚ ስራሕ ‘ ዚ(ስርሒት ፈንቅል) ምስ ካልኦት ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ተወሃሂዱ ዝሰርሖ ስለ ዝኾነ፡ ምናልባት ንዕኡ ቅልል ዝበለ ስራሕ እዩ ነይሩ። እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝገብሮ ዝነበረ ስራሓት ግን ንበይኑ፡ ኣብ ጽምዋ ምስ ሓይሊ ባሕሪን ሓይሊ ኣየርን ኣጋር ሰራዊትን ጸላኢ እናተቓለሰ እዩ ዘካይዶ ነይሩ። ኣብዚ መወዳእታ ግን፡ ምምጻእ ናይ መካናይዝድን ኣጋርን ኣሃዱታት ሀ.ሰ. ዓቢ ሓገዝ ስለ ዝኾኖ፡ እቲ ስራሕ ብተዛማዲ ቅልል ዝበለ ወይ ከምቲ ናይ ቀደም ስርሓቱ ብዙሕ ኣሰካፊ ዘይኮነ እዩ ነይሩ።.........

1990፡ ሓላፊ ጠቕላሊ ወተሃደራዊ ስታፍ ህዝባዊ ግንባር ተጋ/ ስብሓት ኤፍሬም ድሕሪ ዓወት ስርሒት ፈንቅል ምስ መጽሔት ሳግም ካብ ዝገበሮ ሰፊሕ ቃለ መጠይቕ ዝተወስደ

# "ፈንቅል" ብዓይኒ ደርጋውያን

## "ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ"

‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ’’ እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጻሕፈት’ያ። ብዛዕባ’ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጸባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቒ ይቕጽል፦ 6ይ ክፋል

ደሴት ዳህላክ ናይ ሰሜን እዚ ሓይሊ ባሕሪ ከም ዝሰፈሮን ኣብኡ ከም ዝተኣንገደን ርኢና። 20 ግንቦት 1991 ምኹብላል ናይታ ሃገር መራሒ ፕረዚደንት መንግስቱ ሃይለማርያም ዝሰምዐ ሰራዊት ናይ ስንባደን ተስፋ ምቑራጽን ስምዒታት ይረኣዮ ነበረ። መሬት ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ቁጽጽር ሻዕብያ ንኽውዕልን መርከበኛታት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንስደት ንኽምርሑን ዝተረፈ ግዜ እንተነይሩ፡ ኣርባዕተ መዓልቲ ጥራይ እየን። እዘን ኣርባዕተ መዓልትታት ግና ስምዒትካ ኣዝየን ዝርብሻን እቲ ዝስዕብ ነገራት ዘመልክታን’የን ነይረን።

21 ግንቦት 1991 ኣዛዚ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ጀነራል ሑሴን ንዘቕርቦም ጀነራላትን ተሓጋገዝቶምን ሒዙ ብምስጢር፡ ብሄሊኮፕተር ናብ ሃገራት ዓረብ ከም ዝሃደመ ተፈልጠ። ሽዑ ውሑዳት ጀነራላት መኮንናት ተኣኻኺቦም፡ እቲ ሰራዊት ብሰላም ኣ ስ መ ራ ለቓቒ መታን ክ ወ ጽ እ ሻዕብያ መገዲ ክኸፍተሎም፡ እዚ ምስ ዘ ይ ከ ው ን ግና ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ናይ ዝወርድ ህ ል ቂ ት ተ ሓ ታ ት ነ ት ከምዘይብሎም ብ መ ገ ዲ ሬ ድ ዮ ኣ ስ መ ራ ጸ ው ዒ ት ኣ ቕ ረ ቡ ። ኣብቲ እዋን’ቲ እቲ ጻውዒት ብውልቀ–ተበግሶ ብ/ጀነራል ተስፋየ ኣረሩ ከም ዝቐረበ’ዩ ዝፍለጥ። እንተኾነ ሻዕብያ ነዚ ሕቶ’ዚ ዝሃበቶ መልሲ፡ ብግንባር ደቀምሓረ ውግእ

ምቕጻል`ዩ ዝነበረ። ኣስመራ ዝነበሩ ጀነራላት ከምኡ`ውን ኣብ ከረን ወዘተ ዝነበረ ሰራዊት ተሸከርከርቲ እናንቀሳቐሰ በብዘለዎ ጉዕዞ (ህድማ) ጀመረ። እዚ ዝመበገሲኡ`ዩ ንናይ ዳህላክን ናኹራን ስትራተጂያዊ ኩነታት ሚእቲ ብሚእቲ ዝቐየሮ። እዚ ብምዃኑ ኣብ ዳህላክ ዝርከብ ናይ ሓይሊ ባሕርን 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኣባላትን ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመትን ሓሙሽተ ወርሕን ጻንሖት ካብቲ ቦታ ንምንቅስቓስ (ንምውጻእ) ድልው ክኾኑ ተነግሮም። ከምኡ`ውን ዓሰብ ካብ ዝርከብ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ዋና መምርሒ ንዝወሃቦ ቀጻሊ ትእዛዝ ከም ዝጸባበዩ ተገብረ።

ኣብቲ ወቕቲ ዝነበረ ኩነታት፡ ብፍላይ ምስ ኣስመራ ዝግበር ዝነበረ ርክባት ተስፋ ዘቑርጽን ናይ መወዳእታ ግዝያት ምዃኑ ዝሕብርን`ዩ ዝነበረ። ብኣጠቓላሊ ናይ ባሕርን ምድርን ኣባላት ሰራዊት፡ ዓበይቲ መኮንናት፡ ናይ መምርሕን መርከብን ኣዘዝቲ ዝርከብዎም ብ21/5/1991 ህጹጽ ኣኼባ ተኻየደ። እቲ ማእከላይ መንግስቲ ሰንከልከል ምስ ምባሉ ብዝተኣሳሰረ ምኽንያት ኣብቲ ኣኼባ ዘየወላውሉ ውሳነታት ተመሓላለፉ። ካብ`ቶም ቀንዲ እዞም ዝስዕቡ`ዮም ዝነበሩ፡-

1ይ. ናይ ሰብ ህልቂት ከየኽተልናን ኣብ ኢድ ጸላኢ (ሻዕብያ) ከይወደቕናን ነዛ ደሴት ብዘይ ዝኾነ ጸገም ገዲፍናያ ምኻድ። ምኽንያቱ እቲ ዘሎ መግቢ ካብ ክልተ መዓልታት ንላዕሊ ከጽንሕ ስለ ዘይክእል፡ ብዝሒ ጠያይት`ውን ንብዙሕ ግዜ ከዋግእ ስለ ዘይክእል፡ ምስ ኣስመራ ዝነበረ ርክብ ስለ ዝተቛረጸ፡ ናይታ ደሴት መውጽኢ መስመር (ንመርከብ) ሓደ ጥራይ ስለ ዝኾነን ንዓኣ ገዲፍካ ናብ ካልእ ደሴት ክትከይድን ኣጸጋሚ ስለ ዝኸውንን፡ ሻዕብያ ነዘን ደሴታት እንተድኣ ኣኽቢብወን ብጥሜት ጥራይ ምህላቕ ስለ ዘኽትል ከምኡ`ውን ዓቢ ናይ ሞራል ውድቀት ስለ ዘስዕብ ዘየድሊ ውልቃዊ ስጉምትታት ኣብ ምውሳድ ስለ ዘባጽሕ፡ ነዚ ኹሉ ዝተዘርዘረ ኩነታት ኣብ ግምት ምእታው


2. ዝኾነ ይኹን ኣባል ሰራዊት፡ ሓይሊ ባሕርን ምድርን ብምሉኡ ኣብ መርከብ ከም ዝጽዓን ምግባር

3ይ. እተን ዘለዋ መራኽብ ናይ ውግእ`ምበር ናይ መጓዓዝያ ስለ ዘይኮና ዘየድሊ ኣቑሑ መታን ከይጽዓና ንኹሉ ኣባል ሰራዊት ከም ዝሕበሮ ምግባር

4ይ. ዝኾነ ይኹን ወተሃደራዊ ሰነዳት ይኹን ደብዳበታት ምቅጻልን ምዕናውን

5ይ. ዘይድለዩን ወሰንቲ ዘይኮኑን መሳርሒታት ኣብ ኢድ ጸላኢ (ሻዕብያ) ን ውን መታን ከይወድቁ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ምግባር

6ይ. ፋልማይ ጉዕዞ ናይ ዓሰብ ከቕንዕን ኣብኡ ምስ ዝርከብ ሰራዊት ወገን ምሕዋስን፡



እንተኾነ ኩነታት ዓሰብ ን ውን ኣስጋኢ ምስ ዝኸውን ኣንፈትካ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ምቕያር ዝብል ነበረ።

22 ግንቦት፡ ንምሸቱ ንጉዕዞ ብቑዓት ዘይኮና መራኽብ ክጸጋግንን ናውቲ ክወዳድብን እታ ለይቲ ኣሕለፋ። ንጽባሒቱ ጋሕ-ጋሕ ምድሪ ሰዓት 5፡00 ኣብ ትሕቲ ናይ ምድሪ ሰራዊት ይኹን ሓይሊ ባሕሪ ዝነበሩ ብዝሒ ዘለዎም መዳፍዕ፡ ታንክታት፡ ቢ-ኤም፡ ከበድቲ መሳርሒታት ብናይ ኣዘዝቶም ውሳነ ናብ ባሕሪ ከምዝኽተቱተገብሩ። ምሉእ ብምሉእ ኣገልግሎት ንኽህቡ ዓቕሚ ዘይነበሮምን ክጉዓዙ ዘይክእሉን፡ ብ ል ዑ ል ወ ጻ ኢ ታ ት ዝ ተ ገ ዝ ኡ መራኽብን ናይ መራኽብ መጸገኒ ዝንሳፈፍ ኣካል (ዶክ ያርድ) ን ሓደው ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ከም ዝኾኑ ወይ ናብ ባሕሪ ንኽሰጥሙ ትእዛዝ ተመሓላለፈሎም። በዚ ውሳነ መሰረት ምድሪ እትትንክፍ መርከብ 1036፡ ዘመናውን ኣዝየን ፈጣናት ተዋጋእቲ ዝበሃላን ብቑጽሪ 112ን 113 ዝፍለጣ ጀላቡ፡ ብምኽንያት እርጋን ካብ ትካል ንግዲ መራኽብ ንሓይሊ ባሕሪ ድጋፍ ንኽትህብን ብመሸጣ ዝተሰጋገረትን “ራስ ደጀን” ዝተባህለት ዓባይ መርከብ ከምኡ”ውን ዝንሳፈፍ ናይ መርከብ መጸገዲ ወሲኽካ ኩላቶም ማይ ዘእቱ ኣካሎም ተኸፊቱ ከም ዝሰጥሙ ተገብረ። ብዘይካ”ቶም መርከበኛታት፡ እቶም ዝነበሩ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ምድሪ እትትንክፍ ኣብ መርከብ 1037 ድሕሪ ምስቃሎም ጉዕዞ ናብ ዓሰብ ኮነ። ኣብቲ እዋን ንጉዕዞ ዝተሰለፋ መራኽብ፦

1ይቲ፦ “ጨሞ” ምድሪ እትትንክፍ መርከብ 1041 ብሌፍተናንት ወ/ጊዮርጊስ እትምራሕን ኣብቲ እዋን ናይ እዚ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣዛዚ ንዝነበረ ኮምዶር ፊሊጶስ ክብረት ዝጸዓነትን

2ይቲ፦ ምድሪ እትትንክፍ መርከብ 1037 ብሌፍትናንት ዘንባባው ሁንዴ እትምራሕ ኮይና ኣብቲ ወቕቲ፡ ናይ ቤት ጽሕፈት ወፍሪ ሓላፊ ንኮማንደር ታመነ ጃለታን ዝጸዓነት

3ይቲ፦ ማይ እትጽዕን (ታንከር) ኤ-505ን ኣገልግሎት እትህብን መርከብ

4ይቲ፦ ዝተፈላለየ ቁጽሪ ዝነበረን ፈጣናት ኣጥቃዕቲ ጃላቡን (ፋስት ኣታክ ቦትስ) ዝበሃላን ኣዝየን ዘመናውያንን ስርሓት ሽወደንን መራኽብ

5ይቲ፦ ፒ-204ን ፒ-201 ዝበሃላ ክልተ ናይ ኮለላ (ስለያ) መራኽብ

6ይቲ፡- ስርሓት ሶቬት ዝኾነት ናይ ኮለላ መርከብ ፒሲ–17

7ይቲ፡- 3–4 ዝኾና ንኣሽቱ ጃልባታት (ጋንቦት) ኢየን ዝነበራ።

እዘን ኩለን ብመርከብ “ጫሞ ኤም–ኤስ 1041” ዝምርሓ ኮይነን፡ ኣንፈት ጉዕዞአን ናብ ዓሰብ”ዩ ዝነበረ። መርከበኛታት ድሕሪ ኩናት ምጽዋዕ ብዘይተረጋግአ ስምዒት፡ ን2ይ ዙርያ ጉዕዞ ግና ነብሶም ኣዳልዮም”ዮም ዝተበገሱ። ቅድሚ ሳልስቲ ካብቲ ዝኾብለለ ናይታ ሃገር ፕረዚደንት (መንግስቱ ሃይለማርያም)፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ ዝነበረ መንግስቲ ናይ ተኹሲ ምቍራጽ ኣዋጅ ካብ ዝደንገገሉ ጽባሕ ኣትሒዙ፡ ኩሉ ”ቲ ዝስማዕ ዝነበረ ናይ ጥዕና ከም ዘይኮነ ኩሉ ተረዲእዎ”ዩ። ስለዚ ሸነኽ ደቡ ምስ ዝነበረ ተወሃሂድካ ሓይሊ ምርካብ ሓደ ተስፋ ምኳኑ መብዛሕትኡ”ቲ ስደተኛ ሰራዊት ዝኣመነሉ ኢዩ።

## ጉዕዞ ካብ ዳህላክ ናብ ዓሰብ

ሹማ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ዝርከባ ንኣሽቱ ደሴታት ሓንቲ ኮይና፡ ካብ ምጽዋዕ ብዙሕ እትርሕቕ ኣይኮነትን። እቲ ካብ ዳህላክ ዝተበገሰ ስደተኛ ሰራዊት ኣብዛ ነቑጣ (ሹማ) ከባቢ ምስ በጽሐ፡ ዓሰብ ካብ ዝርከብ ናይቲ ሓይሊ ባሕሪ ዋና ቤት ጽሕፈት ““ናብ ዝነበርኩሞ ተመለሱ”” ዝብል መልእኽቲ በጽሖ። ደሓር ግና ነቲ ኩነታት ዝገምገሞ ዋና ቤት ጽሕፈት ነቲ ትእዛዝ ሰሪዝዎ ኢዩ።

እቶም ኣብ ከባቢ ሹማ ዝበጽሑ ኣባላት ሰራዊት ናይ ዓሰብ ምልቃቕን ኣብኡ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ናይ ውግእ መራኽቡን መርከበኛታቱን ሒዙ ካብቲ ከባቢ ክለቁ ኣብ ምብጋስ ከም ዝርከብ ዝሕብር ናይ ሬድዮ መልእኽቲ ሰምዑ። ስለዚ እቶም መርከበኛታት ጉዕዞኦም ናብ የመን ከም ዝቐንዕ ገበሩ። እቲ ጉዕዞ ግና ቀሊል ኮይኑኣይተረኽበን። ብርቱዕ ማዕበል”ዩ ኣጋጢሙ። ንኣሽቱ ናይ ውግእ ጃልባታት፡ ጋንቦት (GB) ተባሂለን ዝፍለጣ ምስቲ ማዕበል ሓያል ቃልስን ምትሕንናቕን”ኳ እንተካየዳ፡ ክሓልፍኦ ዝኽእላ ግን ኣይነበራን። ስለዚ ካብ ኣዘዝቲ ብዝተመሓላለፈ መምርሒ ኣብ ልዕሊኤን ዝነበሩ መርከበኛታት ናብ ካልእ መርከብ ከምዝሰጋገሩ ተገብረ። ቀጺሉ እተን ዓቕሚ ሓጺርወን ካብ ጉዕዞ ዝወጻ ጋንቦት ኣብ ኢድ ጸላኢ (ሻዕብያ) መታን

ከይኣትዋ፡ ከም ዝኾነ ናይ ኲናት ሕግን ቅጥዕን መሰረት ብኸቢድ ብረት ተደብዲበን ከም ዝሰጥማ ተገብረ። እቲ ጉዕዞ’ውን ንቕድሚት ቀጸለ።

ድሕሪ ናይ ሰዓታት ጉዕዞ ድማ፡ ሰሜናዊ ማእዝን ተኸቲላ እትጉዓዝ ሓንቲ ጃልባ ብራዳር ተራእየት። ናይ መዳለዊ ጥሩምባ ምስ ተወቕዐ ኲላቶም መርከበኛታት ንመጥቃዕቲ ተቐራረቡ። ኣብታ ንእሽቶ ጃልባ ንዝነበሩ ኢዶም ንኽህቡ ዝተገብረ ጻውዒት ተቐባልነት ብዘይምርካቡ፡ ካብ ኲላተን’ተን መራኽብ ሓያል ናይ ተኹሲ ደብዳብ ኣቃልሐ። ከም ውጽኢቱ ብዝተላዕለ ባርዕ እታ ጃልባ ምስ ሰላሳ ዝኾኑ ተሳፈርታ ምቕጻል ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ናይ ስደት ጻንሖት፡ ብድሕሪኡ ከም እተሰምዐ ኣብታ ጃልባ ዝነበሩ ሰባት ኤርትራ ናጻ ምውጻኣ ሰሚዖም ናብ ሃገሮም ዝምለሱ ዝነበሩ ኢዮም። ናይተን መራኽብ ሰንሰለታዊ ጉዕዞ ናብ ዓለምለኻዊ ናይ ባሕሪ መስመር ተጸግዐ። ኣብቲ ወቕቲ የመን ምስ ኢትዮጵያ ጽቡቕ ርክብ ስለ ዝነበራ እቶም መርከበኛታት እምብዛ ስግኣት ኣይሓደሮምን። ኣብቲ 17 ዓመታት ዘቕጸረ ዘመነ መግዛእቲ ደርግ ኣብ ሞንጎ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያን ማሕበርነታዊት የመን(ኤደን) ን ጥብቕ ዝበለ ናይ ምትሕብባር ርክባት’ዩ ዝነበረ። እዚ ክንዲ ዝኾነ ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ዝርከባ ሃገራት የመን ነቶም መርከበኛታት ዝሓሸትን ዝተኣማመኑላን’ያ ነይራ።

“ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ” እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጻሕፈት’ያ። ብዛዕባ’ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጸባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቑ ይቕጽል፦ 7ይ ክፋል

ቅሩብ ንድሕሪት ተመሊስና ኩነታት ዓሰብ ምስ እንምልከት’ውን፡ እቲ ኣብኡ ዝተኸፍለ ዋጋ ውሑድ ከምዘይኮነ ኢና እንርዳእ። ኩነታት ዓሰብ ዘተሓሳስብ ዝኾነሉ፡ ሻዕብያ ኣብ ጢያ ንዝነበረ ናይ ወገን ሓይሊ ኣጥቂዑ ነታ ከተማ ካብ ዝተቈጻጸረላ ኣትሒዙ ኢዩ። ነዚ ኩነታት ንምምካት’ቲ ኣብ ዓሰብ ዝርከብ ወተሃደራዊ እዚ ይኹን ምኽልኻል ጉሉሕ ስጉምቲ ኣይተወስደን። ክንዲ ዝኾነ ሰራዊት ሻዕብያ ሓይሉ ኣደልዲሉ፡ ብሜካናይዝድ ኣሃዱ ተሓጊዙ ንበይሉል ብቐሊሉ ክቈጻጸራ ክኢሉ።

ብደረጃ መንግስቲ፡ ነዚ ወፍሪ እዚ ብቐጥታ ዝቈጻጸሮ ዝነበረ ፕረዚደንት መንግስቱ ሃይለማርያም ብምንባሩ፡ ምስ ዝምልከቶም ናይ ሓይሊ ኣየርን ሓይሊ ባሕርን ኣዘዝትን ናይ ወፍሪ መኮንናትን ኣብ ከባቢ መጀመርታ ለካቲት 1991 ብሓባር ዓሰብ ኣተዉ። እዚኣቶም ብናይ ፕረዚደንት ናይ ግሊ ነፈርቲ ክመጹ ከለዉ፡ ብኻልእ ነፋሪት ከኣ ናይ ሁ/ኣ/ሰ/– (2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት) ኣዘዝትን ናይ ወፍሪ መኮንናትን ከምኡ’ውን ናይ ኤርትራ ላዕለዋይ ተቈጻጻሪ ሌ/ጀነራል ተስፋዬ ገ/ኪዳን ሓዊስካ ኢዮም መጺኦም።



*ሪር ኣድሚራል የህዋላሸት ግርማ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ (1989 - 1991)*

ዓሰብ ምስ ተበጽሐ ንእለቱ ኣብ ፍሉይ እዚ መአከቢ ኣዳራሽ ካብ ኣዲስ ኣበባን ኣስመራን ከምኡ'ውን ኩላቶም ዓሰብ ዝርከቡ ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ዝተረኽብሉ ፕረዚደንት (መንግስቱ) ዝጸውዖ ኣኼባ ተኻየደ። ኣብዚ ኣኼባ ብዛዕባ ጢያ ምትሓዝ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን በይሉል ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሻዕብያ ብዛዕባ ምውዳቓ ብናይ ዓሰብ ፍሉይ እዚ ስታፋት መግለጺ ተዋህበ። ኣብዚ መግለጺ እቲ ናይ ሓበሬታ መኮነን ኣብ ኣዝዩ ግጉይ ጸብጻብ ዝተመስረተ፡ ጸላኢ (ሻዕብያ) ብወገን ጢያን በይሉልን ብባሕሪ ክሳብ ክልተ ሽሕ ተዋጋእቲ ኣሰሊፉ ከም ዘጥቅዑ'ዩ ንርእሰ ብሄር - መንግስቱ ሃይለማርያም ተገሊጹ። ንሓይሊ ባሕሪ ተሓታቲ ንምግባር ዝተወጠነ ድማ ኢዩ።

ነዚ መግለጺ ናይ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ስታፋት፡ ብፍላይ ብረር ኣድሚራል የህዋላሸት ግርማ (ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ) ኣሉታዊ መልሲ ቀረበሉ። ሻዕብያ ክንድ'ዚ ዝብዝሑ ሰራዊት ጽዒኑ፡ ማዕበል ባሕሪ ሰጊሩ ክመጽእ ከም ዘይክእል፡ ብዓቢኡ ከኣ ኣብ ምድሪ ሰራዊት ከተውርድ እትኽእል ምድሪ እትትንክፍ ዓባይ መርከብ ከም ዘይብሉ'ዩ ገሊጹ። “ስለዚ እቲ ጸብጻብ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኮይኑ፡ ሰራዊት ሻዕብያ ንጢያ ዘጥቅዓ ድማ ነቲ ኣጻምእ በረኻ ሰጊሩ'ዩ” ብምባል ከኣ እቲ ዝቐረበ ሓንካስ መመኽነይታ ክፈሽል ተኻኢሉ።

ኣብቲ ኣኼባ ብቐንዱ በቲ ፕረዚደንት ዝተመሓላለፈ ትእዛዝ ንጸላኢ (ሻዕብያ) ኣብ በይሉል ገቲርካ ምሓዙ፡ ኪኖ'ዚ ነቲ ሓይሊ ደምሲስካ ንዓሰብ ብዘተኣማምን ኩነታት ንምሕላዋ ልዑል መስዋእቲ ምኽፋል ኣድላዪ ምዃኑ'ዩ ኣጥቢቑ ዘተሓሳሰበ። በዚ ውሳነ መሰረት ንሰለስቲኡ ሓይልታት ዝሓቖፈ– ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን– ናይ ሓባር እዚ ብህጹጽ ክቐውም፡ ካብ ዳህላክ ከይተረፈ ብዝመጸ መራኽብ ንእዚ ሓይሊ ባሕሪ ዓሰብ ምድልዳል፡ ብተመሳሳሊ መገዲ ተዋጋእቲ ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ምስ ሓይሊ ምድርን ባሕርን ተወሃሂደን ብሓባር ከጥቅዓ፡ ሰሜን ካብ ዝነበረ ሰራዊት– ካብ ዝተፈላለየ ክፍልታቱ ሰራዊት ኣዋጺእካ ብህጹጽ ናይ ዓሰብ ብምልኣኽ ኣብቲ ግንባር ከም ዝስለፍ ምግባር. . . ዝብል'ዩ ነይሩ። እቲ ናይ ዓሰብ ዘመናዊ መዕርፎ ነፈርቲ ለይትን መዓልትን እናተሰርሐ ናብ ምዝዛም ገጹ'ዩ ዝነበረ።

ነዚ ትእዛዝን መምርሕን ምስ ኣመሓላለፈ እቲ ፕረዚደንት ናብ ኣዲስ ኣበባ'ዩ ተመሊሱ። እቶም ምስኡ ዝመጹ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ሪር ኣድሚራል የህዋላሸት ግርማን ናይቲ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ውግእ ትምህርትን ወፍርን ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ኮሞዶር ጥላሁን መኮነን ግና ኣብኡ ተረፉ። ካብቲ ቤት ጽሕፈት ዋና መምርሒኦም ዝተወሰኑ ስታፋት ብህጹጽ ብምምጻእ ከኣ ንወፍሪ (ውግእ) ቅሩባት ኮኑ። ኣብ ዓሰብን ዳህላክን ዝርከቡ መራኽብ ውግእ ናይ ተኹሲ ድጋፍን ናይ ገማግም ደብዳብን (shore bombardment) ዝገብሩሉ፡ ብተወሳኺ ኣሃዱ ነቑጣ ሚሳይል ናይ ምድላው ንጥፈታት ተጀመረ። መዕርፎ ነፈርቲ ዓሰብ ዛጊት ኣይተዛዘመን'ዩ ዝነበረ። እቲ ኣብኡ ዝተመደበ ኣሃዱ ለይትን መዓልትን እናሰርሐ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ሓይሊ ኣየርና ተዋጋእቲ ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ዘዕልበሉ ኩነታት ኣጣጥሐ። እዚ ኹሉ እናገበረ፡ ሻዕብያ ከምቲ ዝገስገሶ ዘይምቕጻሉ ብቑዕ መጽናዕትን ሓበሬታን ከም ዘይነበሮ ዘርኢ ኢዩ።

እቲ መጥቃዕቲ ካብ ኣስመራ ብዝመጸ ክፍለ– ሰራዊት ተጀመረ። እንተኾነ ግና ናይቲ ከባቢ ኩነታትን ክርከብ ዝኽእል ውጽኢትን ብግቡእ ከይተገምገመ ብቕጥታ ኣብ ውግእ ስለዝተኣትወ እቲ ሰራዊት ተበታቲኑ። እቲ ፈላሚ መጥቃዕቲ ከኣ ክሰምር ኣይከኣለን። ክንዲ ዝኾነ እቲ ሰራዊት ምሉእ ብምሉእ ድልዉ ክሳብ ዝኸውን፡ ንሻዕብያ ኣብቲ ዘለዎ በይሉል ብኣየር፡ መሬትን ባሕርን ከምኡ'ውን ብመድፍዕን ሚሳይልን እናደብደብካ ሓይሉ ከም ዝምህምንን ሞራሉ ከም ዝስበርን ምግባር ዝበለጸ ኣማራጺ ምዃኑ ተኣምነሉ። በዚ መሰረት ሓይሊ ባሕሪ ብሚሳይል ከጥቅዕ ከሎ ሓይሊ ኣየር ድማ ብተዋጋእቲ ነፈርቲ ብፍላይ ብሄሊኮፕተር ኣጽዒቕካ ምድብዳብ ተተሓሓዘ። እዚ ጥራይ'ውን ኣይነበረን። ሓይሊ ባሕርና ምናልባት ብባሕሪ መጥቃዕቲ እንተተፈነወሉ ንዓኡ ክምክት ዝኽእል ካብ ምድሪ ናብ ባሕሪ ዝትኮስ (ዝውንጨፍ) ልዕሊ 80ኪ/ ሜተር ክኸይድ ዝኽእል 'ሩቤዥ' ዝበሃል ሚሳይል ዓጢቑ ነይሩ ኢዩ። በይሉል ሰፊሩ፡ ንዓሰብ ከጥቅዕን ክሕዝን ኣብ ምድላው ዝነበረ ሓይሊ ሻዕብያ ኣጋር ሰራዊት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሜካናይዝድ ዝተደርዐ'ዩ ዝነበረ። ካብዚ ብምብጋስ እቲ 'ሩቤዥ' ሚሳይልና ይትረፍ ንናይ ሻዕብያ ሜካናይዝድ ንዝኾነ ሓጺነ– መጺን እናሸተተ ከም ዝወቅዕ ስለዝተኣምነሉ፡ ኣብቲ ወቕቲ'ቲ ዓቢ ተራ ኢዩ ተጻዊቱ። ሻዕብያ ነዚ ብኣየር፡ ባሕርን ምድርን ዝውንጨፈሉ ዝነበረ መጥቃዕቲ ምጽዋር ስኢኑ፡ ካብቲ ዝበጽሖ ቦታ ንኽምለስ ተወሳዊሱ ምንባሩ ብናይ ስለያ ሓበሬታ ተበጺሑ ኢዩ። እንተኾነ ግና እቲ ኣብ ሰሜን (ኤርትራ) ዝነበረ ሰራዊትና፡ ''ድሕሪ ሕጂ ኣይዋጋእን'የ'' ስለዝበለ፡ ኢህወደግ ብወገኑ ይደፍእ ስለዝነበረ፡ ናይ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኣዛዝን ዝተወሰኑ ስታፋቶምን ድማ ብሄሊኮፕተር ንስዑዲ ዓረብ ብምህዳም ዑቕባ ስለዝሓተቱ ነቲ ኩነታት ብመሰረቱ ቀየሮ።



ምድር ነክ ጦር መርከብ

*ምድሪ ጸትትንክፍ መርከብ ውግእ ሓ/ባሕሪ ኢትዮጵያ*

ሓይሊ ባሕርና ኣብቲ ወቕቲ ብዝነበሮ ኣማራጺ መዋጽኦ (ፕላን) መሰረት፡ ማለት ኣቐዲሙ ብናይ ዓሰብ ዋና ቤት ጽሕፈት – ንእዚ ዓሰብን ዳህላክን ኣማራጺ ፕላን ንኸውጽኡን ኣድላዪ ምድላዋት ውን ንኽገብሩን ትእዛዝ ተዋሂብዎም ስለ ዝነበረ፡ በዚ መሰረት በብሸነኾም ስጉምትታት ወሰዱ። ኣብ ውሽጢ እዚ ዓሰብ ዝርከብ ሰራዊት ድማ፡ ብፍላይ እቲ ኣብ ግንባር በይሉል ምስ ሻዕብያ ዝጠማጠም ዝነበረ ሰራዊት ኣማራጺ ብምስኣኑ፡ ልክዕ ከምቲ ናይ ሰሜን ጦር ኣሰር ብምኽታል ከም ይዋጋእ መርገጺኡ ኣፍለጠ። መወዳእታኡ ከኣ ኩሉ ቲ ብናይ መራኽቢ መሳርሒታት ዝግበር ዝነበረ ርክባት ፈጺሙ ተበትከ። ሓይሊ ባሕሪ ነቲ ኣማራጽን ኣቐዲሙ ዘውጽኦ ፕላንን መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ትሕቲ ናቱ እዚ ንዝነበሩ ኣባላት ሰራዊቱ ናብ መርከብ እናሰቐሎም ከሎ ኢዩ። 9 ሚያዝያ 1981 (ብኣቆጻጽራ ግእዝ) ሰዓት ሸውዓተን ፈረቓን ናይ ምሸት፡ ብዝሒ ዘለወን ናይ ሻዕብያ ፈጣናት ጀላቡ ነቲ ሕልኽላኽ ኩነታት ተጠቒመን ናብቲ ወደብ ሰንጢቐን ብምእታው ከቢድ መጥቃዕቲ ፈነዋ።

ሓይሊ ባሕርና ኣቐዲሙ፡ ነዚ ናይ መጥቃዕቲ ተኽእሎ ኣብ ግምት ዘየእተዎ ኣይኮነን። መርከብ ኢትዮጵያ ናይቲ ወደብ መእተውን መውጽእን ካብ ናይ ሻዕብያ ፈጣናት ጀላቡ ንምቁጽጻር፡ ብኽንየዋይ ሸነኽ ናይቲ ወደብ ኣብ ዝርከብ መጸግዒ (ጀቲ) ጠጠው ከም እትብል ተገይሩ ነበረ። ናብ ሻዕብያ ፈጣናት ጀላቡ ብጸልማት ተጎልቢበን ብ "ዓይኒ "ብለይ ስኒ ብለይ" ጠኒነን ኣብ ዝመጻሉ ቀዲማ ዝርኣየተንን ተኹሲ ዝኸፈተትለንን እዛ መርከብ'ያ ዝነበረት። ሻዕብያ ሒዛተን ዝመጸት ፈጣናት ጀላቡ ብዙሓት'የን ነይረን። ነዚኣተን ንምምካት ኣብቲ ወደብ ኣብ ተጠንቀቕ ዝነበራ ብሚሳይል ኣጥቃዕቲ፡ ምድሪ ዝትንክፉ፡ ኮለላን ስለያን ዘካይዳ፡ ሓንቲ ካብተን ፈንጂ ዝጸርጋ መራኽብ (መርከብ 402 ኣቐድም ኣቢሉ ንባሕሪ ኣብ ዝወጸትሉ በቶም መርከበኛታት ተጨውያ ወደብ ሖደይዳ – የመን ኣትያ ኢያ) ከምኡ'ውን መርከብ 401 ወሲኽካ ምስ ናይ ሻዕብያ ፈጣናት ጀላቡ "ፍልምያ" ኣካየዳ። ከምቲ ሻዕብያ ዝነዝሖ ፕሮፖጋንዳ ዘይኮነ ግና፡ መርከብ 1041 ብወገን መሬት ዓሰብ፡ መበል 30 መካናይዝድ ካብ ዝነበሮ ከባቢ ብዝተተኮሰ ናይ ኣየር መከላኸሊ ሚሳይል ብጌጋ ተሃሪማ'ያ ክትሰጥም ዝኸኣለት። ብኣጠቓላሊ ኸኣ ምስ ፈጣናት ጀላቡ ሻዕብያ ኣብ ዝተኻየደ ምጉያይ፡ ብዘይካ መሬት እትትንክፍ መርከብ 1038 ዝበጽሓ ምብስሳዕ ካልኦት መራኽብ ብዙሕ ዝተጎድኣስ ኣይኮናን።

## “ፈንቅል” ብዓይኒ ደርጋውያን

## “ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ”

‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ’’ እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጻሕፈት’ያ። ብዛዕባ’ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጸባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ጽማቑ ይቕጽል፡- 8ይ ክፋል

እተን ናብ ባሕሪ ዝወጻ ናይ ውግእ መራኽብ፡ እቲ ኣማራጺ ፕላን ምሉእ ብምሉእ እኳ ክትግበር እንተዘይተኻእለ፡ ተነጺጺለን እየን ሞካ – ናብ የመን ከምርሓ ተገዲደን። ሞካ – የመን ካብ ዓሰብ ብዙሕ ርሕቀት ዘለዎ በታ ኣይኮነን። እቶም መርከበኛታት ከኣ ኣብኡ ዑቕባ ሓተቱ።

ብኻልእ ሸነኽ ኣብ ዓሰብ ዓስኪሩ ናይ ዝነበረ ፍሉይ እዚ ኣዛዚ ሜጀር ጀነራል ጥላሁን ይርጋው ምስ ስታፉቱ፡ ዋና ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ሪር ኣድሚራል የህዋላሸት ግርማ፡ ካብ ዓሰብ ለቐቖም ብማኪና ናብ ጅቡቲ ኣምርሑ። ኣብ ዓሰብ ብፍላይ ከባቢ በይሉል ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት’ውን ብዘይ ጥርኑፍ ኩነታት ናብ ጅቡቲ ኣቕነዐ። ናይቲ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ወፍርን ውግእን ትምህርትን ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ኮሞዶር ጥላሁን መኮነን፡ ኣብ እዚ ዓሰብ፡ ናይ ደቡብ ኣዛዚ ካፕቴን ተኽለሃይማኖት ገ/ሚካኤል፡ ናይ ፖለቲካ ሓላፊ ኮማንደር ታደሰ ንጋቱ ናይ ድህንነት ሓላፊ ኮማንደር ሃይለማርያም ጋዩ ከምኡ’ውን ኣብ ዝተፈላለየ ሞያታት ተዋፊሮም ዝነበሩ ኣባላት፡ 10–15 ኣቢሎም ዝኾኑ ኣባላት ከማንዶ ሓይሊ ባሕሪ፡ ካራማራ ኣብ ዝተባህለት ናይ ኢትዮጵያ ንግዳዊት መርከብ ከም ዝስቀሉ ተገብረ። እቶም ኣብ ግንባር በይሉል ንዕስለ ሰራዊት ጸላኢ (ሻዕብያ) ብሚሳይል ዘጥቅዑ ዝነበሩ ኣባላት፡ ናይቲ ኣሃዱ ሚሳይል ጠቓሚ ንብረት ምስ ኣዕነዉዎ፡ ንብረት ውድብ ዝነበረት፡ ‘ቀይ ኮኮብ’ ኣብ ዝተባህለት መርከብ ከም ዝስቀሉ ተገብረ። ብዘይካ እዚ፡ ኣብ ወደብ ዓሰብ ዝነበራ

‘ታግ– ቦትስ’፡ ክልተ ዓበይቲ ጎተትቲ መራኽብ፡ ናይ ንግድ መርከብ ‘ወልወል ’፡ ሓንቲ ናይ ሶርያ ንግዳዊት መርከብ፡ ካብቲ ወደብ ንመወዳእታ ግዜ ሰዓት 2.00 ናይ ለይቲ ለቒቕን። እቶም ኣዘዝቲ ከከም ድሌቶም ንየመን – ገለ ከኣ ንጁቡቲ ተዓዝሩ። እታ ነዳዲ እትጽዕን ናይ ንግድ መርከብ – “ኣዋሽ” ግና ኣብ ዓሰብ መልሕቕ ሰዲዳ እንከላ፡ ካብ ፈጣናት ጀላቡ ሻዕብያ ብዝተተኮሰላ ቦምባታትን ጠያይትን ስለዝተበስዐት፡ ንኽትጽገን ኣቐዲማ ንጅቡቲ ከይዳ እያ።

እቶም ንወደብ ዓሰብ ለቒቖም ናብ የመን ዘምርሑ መርከበኛታትን መራኽቦምን ኣብ ዙርያ ሞካን ካልኦት ወደባት የመንን ተኣኻኸቡ። እቶም ካብ ዳህላክ ተበጊሶም ናብ ዓሰብ ዝጎዓዙ ዝነበሩ መርከበኛታት ናይ ዓሰብ ምልቓቕ ኣብ ጉዕዞ ከለዉ እዮም ሰሚዖም። ኣንፈቶም ቀይሮም ከኣ ናብ የመን ኣቕንዑ። ነዚ ዝፈለጡ፡ ኣብ የመን (ሞካ) ዝነበሩ መርከበኛታት ቀልጢፎም መልእኽቲ ኣመሓላለፍሎም። እቲ መልእኽቲ ብኣጠቓላሊ ኣብቲ ወተሃደራዊ እዚ ብግዝያውነት ተገልግል ካብ ዝነበረት መርከብ ኢትዮጵያ ብራድዮ ዝተመሓላለፈ እዩ ዝነበረ። ትሕዝቶኡ፡ እቲ ናብ የመን ዝተሰደደ ሰራዊት ብቑጽሪ ኣዝዩ ብዙሕ፡ እተን መራኽብ’ውን ቀሊል ግምት ዝወሃበን ስለ ዘይኮና፡ ናብ ካልኦት ወደባት ከምርሑ ከም ዘለዎም ዘተሓሳስብ እዩ ዝነበረ። እቲ ኩነታት ኣመና ከቢድ ምዃኑ ዝተረድኡ መርከበኛታት ኣንፈቶም ክቕይሩ ግድን ስለ ዝኾኖም፡ ጉዕዞኦም ናብ ሱዑዲ ዓረብ ኣቕንዑ።

ስዑዲ ዓረብ ንስደት ምችእቲ ኣይኮነትን። መንግስቲ ስዑዲ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ዘለዎ መርገጺ ተሪርን ግሉጽን እዩ። ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት መንግስትታት‘ውን እንተኾነ ኣብዛ ሃገር ስልጣን የብሉን። ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዘውጽኦ ናይ ስደት ሕግታት ካብ ዘይተቐበልዎ ሃገራት ሓንቲ ድማ እዛ ሃገር እያ። እቶም መርከበኛታት ነዚ ኣገናዚቦም ተረዲኦምዎ እዮም። እንተኾነ የመን ናይ ምእታው ውጥናቶም ስለ ዝፈሸለ፡ ዘለዎም ኣማራጺ እንኮ ጥራይ እዩ፡ – ብግዲ ኮነ ብፍታው ከባቢ ወደባት ስዑዲ ምብጻሕን መፍትሒ ክርከበሎም ምቅላስን ጥራይ እዩ ዝነበረ። ነቲ ዝነበርዎ ባሕሪ ተሰጊሮም፡ ናብ ካልኦት ወደባት ምቕጻል ዘተኣማምን ኣይነበረን። ናይቶም መርከበኛታት ብርትዐን ሞራልን ነቲ ጉዕዞ ንምሽፋን ዘለዎም ብቕዓት ንባዕሉ ኣብ ምልኽት ሕቶ ዝኣቱ’ዩ። ካልእ ቆሪጹካ ክትሓልፍ ድማ ኣብ ዘይተዉጽእ ፈተናን ዓዘቕትን ካብ ምእታዉ ዝፍለ ኣይኮነን። ካልእ ድማ እኹል ነድድን መግብን ኣይነበረን። ብዝኾነ እቶም መርከበኛታት ናብ የማን ዝነበረ ኣንፈት ጉዕዞኦም ቀይሮም

ሽነኽ ሱዕዲ ዓረብ ኽጉዓዙ ካብ ዝጅምሩ ሰዓታት ኣቑጺሮም ነበሩ። ኣብቲ ጉዕዞ ዝነበረ ሓይሊ ሰብ 2750 ኢዩ።

ዝተወሰነ ሰዓታት ምስ ተጓዕዙ፡ ምድሪ ናብ እትትንከፍ መርከብ 1037፡ ብሽነኽ የማን ተጻዊዱ ዝነበረ ናይ ቢ–ኤም ተወንጫፊ ብረት ብዘይተፈልጠ ኩነታት ተተኮሰ። እተን ብቕደም–ሰዓብ ዝጉዓዛ ዝነበራ መራኽብ ብምሉኣተን ብተጠንቐቕ ደዉ በላ። ነቲ ሓደጋ ንምጽራይ ኳ እንተተፈተነ፡ መበገሲ እቲ ተኹሲ ግና ግሉጽ ኣይነበረን። ካብቲ እቲ ካብ ቢ–ኤም ብመልክዕ ሃልሃልታ ዝተነጽገ እሳት ግና ኣብ ባይታ ናይታ መርከብ ንዝነበሩ ወተሃደራት ነብሰ ስግኦም በናጢሱ፡ ነቲ ከባቢ ብሽታ ጥብሲ (ቃሬት) ዓብለኾ። ሽዱሽተ ሰባት – ሓደ መርከበኛ ሓሙሽተ ኣባላት ሓይሊ ምድሪ በቲ ነውጺ ናብ ባሕሪ ብምእታዉ ንሕልፈተ ህይወት ቀሰቦም። ካልኦት ብዙሓት ድማ ካብ ከቢድ ክሳብ ቀሊል ናይ ምቕጻል ሓደጋ በጺሕዎም።

ብዝኾነ ኣብቲ ናይ ጉዕዞ ወቕቲ እተን መራኽብ ንዝተወሰነ መዓልታት ዘጸንሕ ማይን መግብን ሒዘን ብምንባረን ብተዘማዲ ብዙሕ ዘጸግም ኣይነበረን። ኩላተን ብቕደም–ሰዓብ ዝጉዓዛ ዝነበራ መራኽብ፡ ነቲ ዓለምለኻዊ ናይ ባሕሪ ክልል ወዲኤን፡ናይ ሱዑዲ ዓረብ ክልል ባሕሪ ሓሊፈን፡ ኣብ ኣጋ ምንጋሁ ከባቢ ጂዛን (ከተማ ስዑዲ ዓረብ) በጽሓ።

ምድረ–ሰማይ ወገግ ምስ በለ ሰለስተ ናይ ውግእ መራኽብ በጥ ኢለን መጻ። ኣብ ርእሲ ተን መራኽብ እናተሸከርከራ ከኣ ክዝንብያ ጀመራ። እቲ ኩነታት ዘስግኦ ናይቲ ቃፍላይ መራኽብ መራሒ ኮሞዶር ፊሊጶስ ክብረት ብሬድዮ ምስ ናይ ፈረንሳ ናይ ስለያ ንኣውሮፕላን ብኣጋጣሚ ዩ ርክብ ክገብር ዝኸኣለ። ናይቶም ተጓዓዝቲ መንነትን ኩነታትን ድማ ሓበሮ። ፋራጎን ኣብ እተባህለት ደሴት፡ ካብ ጂዛን 10– 15 ኪ.ሜ. ኣብ ዝርሕቕ ቦታ መራኽቡ መልሕቕ ተኺለን ጠጠው ከምዝብላ ክገብር ኸኣ ተገደደ።

ድሕሪ ዝተወሰነ ሰዓታት ሓሙሽተ ናይ ሱዑዲ ጀነራላት ዝጽዓና ሰለስተ ፈጣናት ጀላቡ (ናይ ሓለዋ ገማግም) ናብተን መራኽብ ተጸግዓ። ኮሞዶር ፊሊጶስ ነቲ ዘጋጠሞም ኩነታት (ኣብ ውግእ ስርሒት ፈንቅል ንዝወረዶም ስዕረት) ብምዝርዛር፡ እቶም መርከበኛታት ብስደት ናብ ሱዑዲ ምምጽኦምን መጸግዒ ከም ዝደልዩን ኣረድኦም። እቶም ናይ ሱዑዲ ጀነራላት ግና ነቲ ኩነታቶም ክቕበልዎ ፍቓደኛታት

ኣይነበሩን። ዘድሊ መግብን ነዳድን ክወሃቦምን ናብ ካልእ ቦታ (ሃገር) ክኸዱን ደኣ ኣተሓሳሰብዎም። እቲ ኮሞዶር ብወገኑ ብምኽንያት’ቲ ኣብቲ ጉዕዞ ዘጋጠሞም ሓደጋ ዉጉኣት ሒዘም ምህላዎም፡ ንባዕሎም’ቶም መርከበኛታት ቀጻልን ነዊሕን ጉዕዞ ክገብሩ ዓቕሚ ከምዘይብሎም ብምጥቃስ ተማሕጸኖም። እቶም ስዑዳውያን መኮንናት ውሰነ ክሳብ ዝወሃቦም ኣብ ዝቔምሉ ቦታ መልሕቕ ተኺሎም ንኽጸንሑ ኣተሓሳሰብዎም። ብኸምዚ ኩነታት እቶም ስደተኛታት ተጓዓዝቲ ን23 መዓልታት ኣብተን መራኽብ ጸንሑ። እዘን ሰለስተ ቅነ ክቱር ስቓይ ዝበዝሐን’የን ዝነበራ። ካብ ሰማይ ዝፍኖ ናይ ጸሓይ ሃሩር፡ ምስቲ ሓጺናዊ ኣካል ናይቲ መርከብ ተደሚሩ፡ ጽበት ቦታን ብዝሒ ስደተኛታትን ተወሲኹዎ ዝፈጥሮ ረመጽ ኣብ ልዕሊ ተጓዓዝቲ ከቢድ ጸገም’ዩ ፈጢሩ።

ኣብቲ ናይ 23 መዓልታት ጸንሖት፡ ዋላ’ኳ እቲ ኣዛዚ ፍታሕ መታን ክረክብ ብጃልባ ናብታ ከተማ እንተተመላለሰ፡ እቲ ወቕቲ ናይ ሮሞዳን ጾም ብምንባሩ፡ ክሳብ’ቲ ጾም ዝዛዘም ትኹረት ዝሃበ ኣይነበረን። ኣብዘን መዓታት’ዚኣተን፡ ብፍላይ እተን 30 ዝበጽሓ ደቀንስትዮ ኣዝዩ ዓቢ ምስልካይን ናይ ስቓይ ግዜያትን’የን ኣሕሊፈን። ንነዊሕ ግዜ እግርኻ ተዓጻጺፉ ምቕማጥ ዘኸትሎ ሕበጥን ቁስልን ኣእጋር፡ ናይቲ ኣየርን ምግብን ዘይምቅዳው ዘስዕቦ ተቕማጥ፡ እቲ ክስተ ዘይከኣል፡ ንሕማምን ጽምእን ዝቕስብ ፍሉሕ ክበሃል ዝከኣል ማይ ከምኡ’ውን ካልእ ዝተፈላለየ ኣካላዊ ሕማማትን ብሓፈሻ ነቲ ስደተኛ ብኸቢድ ተፈታቲንዎ ኢዩ።

ድሕሪ 23 መዓልታት ግና እቶም ስደተኛታት ካብ ዝነበርዎ ቦታ ለቒቖም፡ ካብ ጂዛን 12 ኪ.ሜተር ርሒቓ ናብ እትርከብን ኣሚና ዝተባህለትን ደሴት ክጽግዑ ተኣዘዙ። ኣሚና ኣብ ክልል ሱዑዲ እትርከብ ደሴት ኮይና፡ ቅድሚ’ቲ ግዜ ወዲ ሰብ ሰፊርዋ ዘይፈልጥ፡ ብዘይካ’ቲ ሓሓሊፉ ዝርአ ቆልቋል ዝዓይነቱ ገረብ፡ ብሑጻን ባሕርን ዝተኸበበት ኢያ። ሱዑዲ ብእስላማዊ ሕግን ሸሪዓን እትመሓደር ከም ምኳና መጠን ከኣ ናይቲ ሃገር ሕግን ስርዓትን ናይ ምኽባር ግዴታ ከም ዘለዎም’ዩ ንኹላቶም ስደተኛታት ኣብታ ደሴት ምስ ተኣከቡ ተገሊጽሎም። እዚ ሕግታት ክሳብ ዘኽበሩ መንግስቲ ሱዑዲ ነቶም ስደተኛታት ድጋፉ ከም ዘይነፍጎም’ዩ ብመንገዲ’ቲ ወኪሉ ሜጀር ፉኣድ ቃል ተኣትዩሎም።

ድሕሪ’ቲ መግለጺ እቲ ስደተኛ መንበሪኡ ቴንዳ ዝተኽለሉን ንኣደኳኹናኡን ዝምልከት መምርሒ ወጸ። በቲ መምርሒ መሰረት ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ (መርከበኛታት)ን ሓይሊ ምድርን ነናቶም ቁሸት ከም ዝድኩኑ ተገብረ። ኣብ ሳልሳይን ቁሩብ ርሕቕ ኣብ ዝበለ ቦታን ዝተደኮነ ናይተን ደቀንስትዮ ቁሸት ኸኣ ተመስረተ።

ናይታ ደሴት ተፈጥሮኣዊ ኩነታት ዶሮናን ሑጻን ዝበዝሖ ኮይኑ፥ ብፍላይ ’ ቲ ካብ ባሕሪ እናተላዕለ ዝመጽእ ሓያል ንፋስ ነቲ ቴንዳታት ቦርቍቑ ዝድርብን ክሳብ ዝቕደድ ዘብጽሕን ’ ዩ ዝነበረ። ኣብታ ደሴት ዝርኣዩ ናይ በረኻ ዑፍ (ሲግል) እንቋቑሖን ዝተፈላለዩ ናይ ተመን ዓሌታትን ኢዮም።

ኣብታ ደሴት ከኣ መግብን ኩሉ ’ ቲ ንመዓልታዊ መነባብርኦም ዘድልዮም ካልእ ነገራትን ተኾሚሩ ’ ዩ ጸኒሑዎ ም።

# “ፈንቅል” ብዓይኒ ደርጋውያን

## “ዛዛሚ ምዕራፍ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ”

‘‘ገማግም ባሕርን ሓይሊ ባሕርን ኢትዮጵያ’’ እትብል መጽሓፍ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ስርዓት ደርግ ዝተጻሕፈት’ ያ። ብዛዕባ’ ቲ ዕረ እናጠዓሞም ዝተኣመንሉ ኣንጸባራቒ ስርሒት ፈንቅል ዝሃብዎ ገምጋም ከኣ ፃይን መወዳእታን ክፋል ጽማቑ ይቕጽል፡-

እቶም ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝነበሩን ኣብ ናይ ምጽዋዕ ውግእ ተበታቲኖም ናብ ስዑዲ ዓረብ ዘምርሑን መርከበኛታትን ካልኦት ተመዛበልትን ኣብ ኣፍደገ ስዑዲ ዓረብ’ ኳ እንተበጽሑ፡ ንመጻኢ ግን ሓያለ ዘጨንቕን ፈታኒን ኩነታት ከም ዝፈራረቕዎም ይግምቱ ነበሩ። ካብቲ ተመዛቢሎም ዝመጽሉ ቦታታት – ምጽዋዕ፡ ዳህላክን ዓሰብን ኣብ ትሕቲ ሑጻ ናይ ዝቐበርዎም ብጾቶም (ወተሃደራት ሓይሊ ባሕሪ) ዓጽሚ ዕረፍቲ’ ዩ ከሊኡዎም። ብኻልእ ወገን ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሃገሮም (ኢትዮጵያ) ክፈልጡ ዘይምኽኣሎም ዘተሓሳስቦም’ ዩ ዝነበረ። እቲ ብሰብ ሞያ (ከሸንቲ) ዝዳሎ መግቢ፡ ብፍላይ ንፋስ ኣብ ዝብርትዓሉ እዋን ብሑጻ ስለ ዝምላእ፡ ብዙሓት ስደተኛታት ንምብላዕ ካብ ምሽጋር ሓሊፎም፡ ገሊኦም ንሕማም ስኒ፡ ኩሊትን ካልኦት ተመሳሰልቲ ሕማማትን ክቃልዑ ተቓሲቦም ኢዮም።

ኣብዛ ናይ ስደት ዓዲ (ደሴት) እቲ ዝዓበየ ጸገም’ ቶም ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ወተሃደራት ዝርከብዎም ስደተኛታት ማይ ኢዩ። ካብ ዋዒ ናይቲ ኣየር ዝብገስ ንባዕሉ’ ቲ ማይ ፍሉሕ ኢዩ። ነዛ ክትሰትዮ እዩ ዓቕብ ዝኾነካ። መቐረቱ’ ውን እንተኾነ ሓጺን– ሓጺን ስለዝጥዕም ቀልጢፍካ ዝልመድ ኣይኮነን። ደሴት ኣሚና ካብ ከባቢኣ ኣብ ሒደት ኪ.ሜተራት ርሕቀት ካብ ዝተደኮና ደሴታት ደሚቓ ትርአ። እቲ ስደተኛ መዓልታት ብዝተናውሐ መጠን ናይቲ በረኻ ኣየር፡ ሑጻ ዝሓዘለ ዶሮናኡ፡ ሽታ ባሕሪ እናለመዶ ክመጽእ ግድን ኢዩ። መዓልታዊ ውዕሎኡ ዝተፈላለየ መደበራት ሬድዮ ብምስማዕን ቲቪ ብምክትታልን’ ዩ ዘሕልፎ ዝነበረ። ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሃገሩ ንኽፈልጥ’ ውን ጻዕሪ የካይድ ነበረ። እንተኾነ ግና፡ እቲ ስደተኛ ናብራ እናለመዶ ምስ መጸ፡ በቲ ወኪል ስዑዳውያን ሜጀር (ሻለቃ) ፉኣድ

ተነቢቡሉ ዝነበረ ሕግን መተሓሳሰብን ዝያዳ እናጠሓሶ ከደ። እቲ ዝዓበየን ዘተሓሳስብን ኲነታት ለይቲ–ለይቲ ኣወዳት ብመሬት እናተንፈሓኹ ናብ ቦታ᎓ተን ደቀንስትዮ ብምኻድ ዝገበርዎ ስጋዊ ርክባት ኢዩ። እቲ ዘይንቡር ስጋዊ ርክባት እናተጋደደ ምስ ከደ ግና፡ እቲ ጉዳይ ሕጋዊ ንምግባር መርዓ ክፍጸም ግድነት ኮነ።

ድሕሪ ክልተ ወርሒ፡ መንግስቲ ስዑዲ ብዝሃቦ ፍቓድ ወከልቲ ኢህወደግ (ወያነ) ናብታ ደሴት መጹ። ኲነታት ኢትዮጵያን ናይ መንግስቶም ኣረኣእያን ድማ ዝርዝራዊ መግለጺ ሃቡሉ። እዚ ፈተነ ወከልቲ ኢትዮጵያ ብስሩ ኣየር ዓሚኾም ከም ዝተርፉ ኣይገበሮምን። ካብቲ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ዝበጽሕ ስደተኛ ሓደ 70 ዝኸውን ንሃገሩ ክምለስ ተመዝገበ። እቲ ስደተኛ ኣብታ ደሴት ተረጋጊኡ ንኸይቅመጥ ቀንዲ ዕንቅፋት ካብ ዝኾንዎ ምኽንያታት ሓደ፡ ዝስምዖ ዝነበረ ተወናጫፊ ወረ ኢዩ። እቲ ወረ ሓቂ ይኹን ሓሶት – ጭራ እንተሒዙ ተራቢሑ᎓ዩ ዝዕለል። ገሊኡ ሞራል ዝህብ ክኸውን ከሎ፡ እንተ᎓ቲ ዝበዝሐ ግና፡ ተስፋ ዘቑርጽን ዘሰንብድን᎓ዩ ነይሩ። ብዝኾነ ናብራ ስደት ከሎ ገና ተስፋ ስለ ዝተሰእኖ፡ እቲ ናብ ሃገሩ ዝምለስ ስደተኛ እናበዝሐ ከደ። ካብቲ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ዝበጽሕ ዝነበረ ስደተኛ፡ ኣብ ዓመትን ክልተ ወርሕን ናብ ኣስታት 150 ኣንቈልቈለ። መወዳእታኡ᎓ውን እቲ ዝተረፈ ዝርካቡ ብናይ መንግስቲ ስዑዲ ደገፍ ኣብ 1984 (1992) ንኢትዮጵያ ተመልሰ።

ኣብ ኣጋ መወዳእታ ግንቦት 1991 ብስደት ናብ ሃገር ባዕዲ ካብ ዘምርሐ ሰራዊት፡ ገለ ክፋሉ ኣብ ሓንቲ ካብ ወደባት የመን – ሞካ ኢዩ ኣዕሪፉ። መንግስቲ የመን ፈለማ ነተን መራኽብ ናብቲ ወደብ ንኸይኣትዋ ከልኪልወን ኢዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ እተን መራኽብ ኣብ ዝተወሰነ ኪ.ሜተራት ርሕቀት ተኣኻኺበንን መልሕቓን ተኺለን ጠጠው በላ። እተን ካብ ዓሰብ ናብዚ ቦታ ዝተንቀሳቐሳ መራኽብ ውግእ እዚኣተን እየን፦

1. መርከብ ኲናት ᎐ኢትዮጵያ᎓
2. ስርሓት ሶቬት ዝኾነት ፍርጌት 1617ዝዓይነታ መርከብ
3. ፈጣን ኣጥቃዒት መርከብ ውግእ 163
4. ስርሓት ሶቬት ዝኾነት ፈጣን ናይ ኮለላ ጃልባ 207– 208
5. ስርሓት ሶቬት ዝኾነት ፈጣን ኣጥቃዒት ቶርፒዶ 111 ዝዓይነታ መርከብ
6. ነታጒ እትኣሊ፡ ስርሓት ሶቬት 401 ዝዓይነታ መርከብ
7. ምድሪ እትትንክፍ፡ ስርሓት ሶቬት ዝኾነት 1038 ዝዓይነታ ኣዝያ ዓባይ መርከ
8. ካብ ሆላንድ ዝተገዝኣ፡ ንኣሽቱ ናይ ኮለላ ጃላቡ
9. ስርሓት ኣመሪካ ዝኾነት ፈጣን ናይ ኮለላ ጃልባ 204።

እዘን ዘመናውያን መራኽብን ጃላቡን እኹል ስንቅን ዕጥቅን ጽዒነን ስለዝነበራ፡ ኣብ ጉዕዞ ዝኾነ ጸገም ኣይነበረንን። እቲ ዝዓበየን ዘተሓሳስብን ሽግር፡ ኣብቶም መርከበኛታት ዝርአ ዝነበረ ናይ ሓሳብ ፍልልይ ኢዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ህይወት ነፍሲ ወከፎም ኣንጸላልዩ ብዝነበረን ናይ መጻኢ ዕድሎም ዘበገሶን ክትዓት ኢዩ። ኩላቶም ንስደት ጋሻ’ዮም ዝነበሩ። ናይቲ ዘዕረፍሉ ሃገር ቋንቋ ኣይክእሉን ኢዮም። ምስ ዓረባዊ ባህሊ ሌላ የብሎምን። እዚታት ገለ ካብቲ ኣብ ከቢድ ሓሳብን ጭንቀትን ሸሚምዎም ዝነበረ ኢዩ።

መርከበኛታት መልሕቖም ተኺሎም ካብ ዝቖምሉ ኣብ ሳልሳይ መዓልቶም ኢዩ። ፍርቂ ለይቲ ከባቢታት’ተን መራኽብን ዙርያኣንን፡ ባውዛ ልክዕ ከም ጸሓይ ቀትሪ ‘ቧዕ’ ኣበሎ። ካብተን ፈጣናት ጀላቡ ሻዕብያ ዝተተኮሰ ባውዛ ኢዩ። ናይ ደ ድፍረት’ዩ ዝነበረ። ሰራዊት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኢዱ ክህብን ካብ መራኽቡ ክወርድን ብመጉልሒ ድምጺ ሰራዊት ሻዕብያ ተደጋጋሚ ጸውዒት ቀረበሉ። ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ‘ኣሻፈረኝ’ ብምባል ተኹሲ ከፈተ። ፈለማ ዝተኮሰት መርከብ ውግእ 204 ኢያ ዝነበረት። ግብረ መልሲ ተኹሲ’ውን ካብ ናይ ሻዕብያ ጃላቡ ተዋህበ። እቲ ከባቢ ብተኹሲ ተናወጸ። እቲ ድቕድቕ ጸልማት ብናይ ተኹሲ ብልጭታ ወገግ በለ። ካብ 15 ዘይበዝሓ ንኣሽቱ ጃላቡ ሻዕብያ’የን ምስ ዓበይትን ዘመናውያንን መራኽብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝገጥማ ዘለዋ። ኣብዚ ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ዝቐጸለ ተኹሲ ኣስታት ሸሞንተ መርከበኛታትና ጉድኣት ወሪዱዎም። ናይ መርከብ ውግእ 204 ኣዛዚ ህይወቱ ዝሓለፈሉ ርሱን ግጥም‘ዩ ድማ ዝነበረ። ካብዚ ዝተበገሰ ካብ መንግስቲ የመን ብዝተመሓላለፈ ትእዛዝ መሰረት፡ መራኽብ ውግእ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ናብ ወደብ ሞካ ከም ዝጽግዓ ተገብረ። መወዳእታኡ ኸኣ ኩላቶም መርከበኛታት መራኽቦምን ኣጽዋሮምን ንመንግስቲ የመን ኣረኪቦም ናብ ዝተዳለወሎም መዕቆቢ ስደተኛታት ንኽኸዱ ተነግሮም። ምርጫ ዘይነበሮ ውሳነ ብምንባሩ ዝተኣዘዝዎ ፈጸሙ። ነተን ከም ገዝኡ ዝጥምተን ዝነበረ መራኽብ ጠንጢኑ

## ብጓሂ ኢዩ ወሪዱ – ናብቲ በኹሪ ናይ ስደት መሬት!

እቲ ንሰፈራ ዝተመረጸ ቦታ፡ መሬቱ ሑጻን ካብ’ቲ ከተማ ውጽእ ዝበለን ኢዩ ዝነበረ። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ካብ ዝተፈላለያ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራት ብዝተዓደለ ቴንዳታትን ናውቲ ምግብናን ከኣ እቲ ቦታ ዓቢ ቁሸት ክመስል በቕዐ። እንተኾነ ድሕሪ ሓጺር መዓልታት ናይቲ ስደተኛ ኩነታት መነባብሮ እናተፈላለየ ደኣ መጸ። እቲ ስደተኛ ገሊኡ ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዘይተኣደነ ገንዘብ ዝረኸበን ሸጉጡ ዝሓዘን ኢዩ። ብመንጽሩ እቲ ከፊል ኣብ ዝባኑ ዝነበረ ክዳን ተበጣጢሱ ዝኽደኖ ክሳብ ምስኣን ዝበጽሐ ኢዩ። ብፍላይ ኣብ ሞንጎ ኣዘዝትን ተራ

መርከበኛታትን ዝነበረ ዘይምርድዳእ ናብ ገፊሕ ፍልልይ ከምርሓሉ ዝኽኣለ፡ ገና ኣብቲ ፈለማ ምድኳን ናይቲ መዕቆብ ስደተኛታት’ዩ ዝነበረ። ኣብ መመዓልቲ ሓደስትን

ዘይልሙድን ተርእዮታት ክፍጠሩ ጀመሩ። እቲ ናይ መጀመርታ ምንቅስቓስ፡ ‘‘ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ኮይና ዘይትፈልጥ ልኡላዊት ሃገር’ያ’’ ዝብሉ ወገናት ክቀላቐሉ ምጅማሮም ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ’ውን እናበርከቱ መጽኡ። በዚ ጠንቂ ብዝተበገሰ ዘይምርድዳእ፡ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ቴንዳ ዝነበሩ ሓሙሽተ ስደተኛታት ኣብ ሞንጎኦም ዕግርግርን እምባጓሮን ነገሰ። ብተኸታታሊ ብዘይ ተፈልጠ

ምኽንያታት ሌፍትናንት ሙሉጌታ ፈጠነ ኣብ ቴንዳኡ ደቂሱ ከሎ ብኣሰቃቒ ኩነታት ብፋስ ተፈጸፈጹ። ናይ ጻዕረ– ሞት ድምጹ ዝሰምዑ ኣዕሩኽቱ ተሲኦም፡ ምስ ኣባላት ፖሊስ ተሓባቢሮም ናብ ሆስፒታል እናምርሑ ከለዉ ኣብ መገዲ ህይወቱ ሓሊፋ። ድሕሪ ሒደት ሰምንቲ ከኣ፡ ናይ ሓንቲ ካልእ መርከብ ኣዛዚ ሌፍትናንት ኮማንደር ጎርፉ በሪሁን ምስ ሻሂ ተሓዊሱ ብዝተዋህቦ መርዚ ህይወቱ ሓሊፋ። ከምኡ’ውን ሓደ መርከበኛ ኣብ ቴንዳ ሞይቱ ብምጽንሑ፡ እቲ ስደተኛ ተረጋጊኡ ንኸይቅመጥ ምኽንያት ካብ ዝኾንዎ ኢዩ። በዚ ኣሰቃቒ ቅትለታት ብሓይሊ ፖሊስ የመን ዝተኣስሩ ኩላቶም፡ ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልቲ መርመራ ብናጻ ምልቃቖም ከኣ እቲ ስደተኛ ነቲ መዕቆቢ ስፍራ ከም ዝጸልኦ ገበሮ። እዚ ኸኣ ቀስ ብቐስ ኣብቲ መዕቆቢ ዝነበረ ብዝሒ ስደተኛታት እናማህመነ ከደ። ፈለማ ዝነበሮም ብዝሒ ኣስታት 920 ኣቢሉ ይበጽሕ። መወዳእታኡ ከኣ፡ እቲ ስደተኛ ሰራዊት ገሊኡ ናብ ሃገሩ (ኢትዮጵያ) ክምለስ ከሎ፡ ዝተረፈ ናብ ኣሜሪካ፡ እንግሊዝ፡ ዴንማርክ፡ ኣውስትራልያ፡ ስዑዲ ፋሕ በለ። 35 ዝኾኑ ኸኣ ኣብ ዝኣተውዎ ዘይፍለጡ ምኺኖም ክግለጽ ይከኣል። እቲ ዝዓበየ ጎደና ስደት፡ ናይ ብዙሓት ህይወት ፈቒዶ በረኻ ብጠያይት እናተቘልበ ጉዕዞ ስደት ዝጀመረሉ ካብ ኣስመራ’ዩ ዝነበረ። ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኣብቲ ጉዕዞ ጥሜትን ጽምኢ ማይን ተጻዊሮም፡ ካልእ ሽግራት ሓሊፎም ናብ ሃገሮም (ኢትዮጵያ) ክኣትዉ ከለዉ፡ ብዙሓት ከኣ ብሞት ተፈልዮም ኢዮም። ናይ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ማስተር ቺፍ ዝነበረ ሃይለየሱስ ገ/ጻድቕ ነቲ ኩነታት ብኸምዚ ይገልጾ፡- ‘‘. . . ድሕሪ ብዙሕ ስቓይን መከራን ኢና ላፋ (መሬት ሱዳን) በጺሕና። እቲ ሽግር ግና ካብ ሕልና ዝጠፍእን ዝፈሓቕን ኣይኮነን። ብሰንኪ ጽምኢ ማይ፡ ትርኩስ ጮቃ በሊዖም ጽምኦም መታን ከርውዩ። ኣባላት ሰራዊት ተባኢሶም ብሳንጃ ዝተዘላዘሉሉ ፈጺመ ዘይርስዖ ፍጻመ ኢዩ። . . . ኣብ ኤርትራ ዘካየድናዮ ኲናት ማእለያ ናይ ዘይብሎም ዜጋታት (ኢትዮጵያውያን) ህልቂት ጠንቂ ብምኳኑ ኣዝዩ ዘሕዝን ናይ ታሪኽ በሰላ ገዲፉ’ዩ ሓሊፉ’’ ኢዩ ኢሉ። ንመራኽብ ውግእን ጃላቡን ብዝምልከት፡ ብዘይካ’

ተን ተበላሽየን ኣብ የመን ዝተረፋ፡ ናይ ውግእ መርከብ "ኢትዮጵያ"ን ምድሪ እትትንክፍ 1038ን፡ ካልኦት ብምሉኦን ኣብ ጅቡቲ ከም ዝተኣኻኸባ ብምግባር፡ ብጋዜጣታት ኣዲስ ዘመን፡ ኢትዮፕያን ሄራልድን ጋዜጣ ጁቡትን ብዝወጸ ጨረታ መሰረት ከም ዝተሸጣ ይፍለጥ። ታሪኽ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ድማ ኣብዚ ኣብቂዑ!

